ምዕራፍ 16

ዳኛ ቴይለር ስታንፎርድ ካብ ዝሰምዖም ገበናዊ ጉዳያት ናይ ሃል ቤከር ኣዝዩ ፍሉይ እዩ። ብኣገላልጻ ቴይለር፡ ሃል ቤከር ማለት ንሰናይን ጽቡቕን እንዳተበገሰ ሕማቅ ዕጫ ዝተዓደለ ሰብ ማለት እዩ። ወዲ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት እንከሎ'ዩ ምዕባይ ሓዉ ንሓደ ግሮሰሪ ንክሰርቁ ክሕግዞ ዘገደዶ። ሃል ቤከር ንሓዉ ክረድኦን ካብቲ ገበን ክሃድምን እኳ ተፈተነ ምስላጥ ምስ ኣበዮ ተገዲዱ ኣተወ። እቲ ሕማቅ ዕድሉ ከኣ ኣብ እዋን ስርቂ ሃል ክተሓዝ እንከሎ ምዕባይ ሓዉ ግን ሃዲሙ ተሸርበ። ብሰንኪ እዚ ሃል ንኽልተ ዓመታት ተኣስረ። ብድሕሪ እዛ ኣጋጣሚ'ዚኣ ፍጹም ኣብ ገበን ንከይኣትውን ብሕጊ ተማእዚዙ ዝኸይድ ዜጋ ከምዝኸውንን ምስ ነብሱ ተመባጸዐ።

እንተኾነ ድሕሪ ሓደ ወርሒ ምኽኑ'ዩ ሓደ ዓርኩ ናብ ሓደ እንዳ ወርቂ ንኽካይዶ ይሓቶ እሞ ተታሓሒዞም ክቡር ሽልማት ናብ ዝሸየጠሉ እንዳ ወርቂ ኣተዉ።

"ንኣፍቃሪተይ ዝህባ ካትም ክተጋዝኣኒ'የ ደልየ" ኢልዎ እኳ ተነበረ ዓርኩ ኣብቲ እንዳወርቂ ምስ ኣተወ ግን ካብ ጃኬቱ ሽጉጥ መዚዙ ድሕር ምውጻእ ክጭድር ጀመረ። "ኩላትኩም ኢድኩም ንላዕሊ!!"

ቀጺሉ ኣብ ዝሰዓበ ዘሕዝን ኩነት ሸያጣይ ብጥይት ተሃሪሙ ክመውት እንከሎ፡ ሃል ከኣ ብገበን ኣፈራሪሕካ-ስርቂ ተኸሲሱ ዳግማይ ተኣስረ። ከምቲ ናይ ፈለማ ሕጂ'ውን ዓርኩ ከይተታሕዘ ካብቲ ኩነታት ኣምለጠ። ኣብ ተሃድሶ ኣብ ዝነበረሉ እዋን እዩ ከኣ ሄለን ጎዋን ዝተባህለት መንእሰይ ንሕማቅ ዕድሉ ኣብ ጋዜጣ ምስ ኣንበበት፡ ሓልዮት ተሰሚዕዋ ክትበጽሖ ዝጀመረት። ካብታ ፈለማ ዝተላለዩሉ መዓልቲ ጀሚሮም ናይ ክልቲኦም ልቢ ብሓደ ሕርመት ፍቕሪ ክጭንጉዕ ጀመረ። ሃል ቤከር ካብ ተሃድሶ ምስ ወጽኣ ምስ ሄለን ጎዋን ተመርዓወ። ኣብ ዝሰዓባ ሸሞንተ ዓመታት ከኣ ኣርባዕተ ጽቡቓት ቆልዑ ክወልዱ ከኣሉ።

ሃል ቤከር ንስድርኡ ልዕሊ ነብሱ'ዩ ዝሰርዖም። ንዓታቶም ክናቢ ስራሕ እኳ ተናደየ፡ ንዘለዎ ናይ ገበን ሪኮርድታት እንዳረአዩ ዝቆጽርዎ ትካላት ሰኣነ። ሰበይቱን ደቁን ክሸገሩ ምርኣይ ስለ ዘየኽኣሎ ከኣ ብዘይ ልባዊ ድሌቱ ንዓቢ ሓዉ ኣብ ስርቅን ምዝራፍን ዝኣመሰሉ ተግባራት ዳግማይ ክተሓጋገዘ ጀመረ። ሕጂ'ውን ዕድል ብዘይምግባሩ ብገበን ስርቂ ተታሒዙ ኣብ ቤት-ማእሰርቲ ድሕሪ ምቕናይ ክሲ ተመስሪትዎ ኣብ ቅድሚ ዳኛ ቴይለር ስታንፎርድ ቀረበ።

** ** **

ፍርዲ ዝወሃበሉ ግዜ ኣኽለ። ኩሉ ሰብ ንኽንደይ ዓመታት ዶኾን ዳኛ ቴይለር ስታንፎርድ ዝፈርዶ እንዳበለ ክጽበ ጀመረ።

"ክስከሞ ዘይክእል ዓመታት ክጽዕኖ'ዩ!!"

"ብውሕዱ ዕስራ ዓመት ክፈርዶ እዩ። ቴይለር እኮ ብዘይምኽንያት ኣይኮነን -ዘይምሕር ዳኛ- ዝብል ስም ዝወጽኦ"

ሃል ቤከር ንንጹህ ልቡ ባዕሉ'ዩ ከም ጠበቓ ኮይኑ ኣብ መጋብኣያ ክካትዓሉ ዝፍትን ዝነበረ። "ክቡር ዳኛ፡ ገበን ከም ዝፈጸምኩ ይርድኣኒ'ዩ። ኩላትና ግን ሙሉእነት ዘይብልና ደቂ ሰባት ኢና መስለኒ። ክቡር ዳኛ፡ ኣዝየ ዘፍቅራ በዓልቲ ቤት ኣላትኒ። ካብኣ ዝወለድክዎም ኣዝየ ዘፍቅሮም ኣርባዕተ ቆልዑ እውን ኣለውኒ። ክቡር ዳኛ፡ .... ተትላለዮም ከመይ ደስ ምበለኒ። ጌጋይ ይርድኣኒ'ኳ ተኾነ ነቲ ገበን ክፍጽም ዝተገደድኩሉ ምኽንያት ግን ንስድራይ ክብል'የ"

ቴይለር ዝኾነ ስምዒት ኣብ ገጹ ከየርኣየ ንዘረባ ሃል ቤከር ብጽሞና ምስምዑ ቀጸለ። *.... ነዚ ዘሕዝን ታሪኽ ነጊሩ ክሓዝነሉ'ም ምሕረት ክወሃቦ ድዩ ደልዩ ዘሎ? .....*

"..... ርኢኻ ክቡር ዳኛ ሽሕ'ኳ ሕማቅ ነገር ተገበርኩ ነቲ ቅኑዕ ምኽንያት ክብል እየ ፈጺመዮ። ንደቀይ ክብል!! ክቡር ዳኛ፡ ስድራይ ማዕረ ክንደይ ንዓይ ኩለንተናይ ምኺኖም ከረድኣካ ምፍታን ዘድሊ ኣይመስለንን። ገበን ከም ዝፈጸምኩ፡ በደለኛ እውን ምኺነይ ይኣምን እየ እንተኾነ ንዝፈጸምክዎ ገበንን ጌጋን ከካሓሕስ ድሌተይን ፍቃደይን እዩ ክቡር ዳኛ። ዝኾነ ዝበልካኒ ነገር ተማእዚዘ ከተግብር ድሉው እየ ....."

እተን ናይ መወዳእታ ቃላቱ እየን ንኣቓልቦ ቴይለር ዝሰሓባ። ....*ዝኾነ ዝበልካኒ ነገር ተማእዚዘ ከተግብር ድሉው እየ* .... ቴይለር ሓደ መዓልቲ ኣብ ጥቅሚ ከውዕሎ ዝኽእል ሰብ ኣብ ቅድሚኡ ደው ኢሉ ከም ዘሎ ተገንዘበ።

ካብ ፍጹም ግምት ሰባት ወጻኢ ከኣ ዳኛ ቴይለር ኣብ ጉዳይ ሃል ቤከር ፍርዲ ሃበ። “ኣቶ ቤከር፡ ንጉዳይካ ከፋኹሱልካ ዝኽእሉ ነገራት ኣለዉ። ብሰንኪ እዞም ጉዳያትን ትፈትዎም ስድራኻን ከኣ፡ ኣብ ርእሴኻ ንሓሙሽተ ዓመት ዝኸውን ዉንዙፍ ፍርዲ ክህልወካ እዩ። እዚ ምስ ምምሕያሸ’ካ ተራእዩ፡ ድሕሪ ሓሙሽተ ዓመት እቲ ኣብ ርእሴኻ ዝተወንዘፈ ፍርዲ ክለዓለልካ ይኽእል። ምስኡ ከኣ ናይ 600 ሰዓታት ናጻ ህዝባዊ ኣገልግሎት ክትህብ ኢኻ። ናብ ቤት-ጽሕፈተይ ምጻእ እቲ ዓይነት ስራሕ እንታይ ምኺኑ ክሕበረካ እዩ”

** ** **

ሃል ቤከር ናብ ቤት-ጽሕፈት ቴይለር ኣተወ።

“ዉንዙፍ ፍርዲ ስለ ዘለካ ገና ንነዊሕ ዓመታት ክፈርደካ ከም ዝኽእል ትፈልጥ እንዲኻ?”

ሃል ሰንበደ። “ክቡር ዳኛ .....”

ቴይለር ናብ ሃል ቤከር ቀሪቡ “እንታይካ ከም ዝፈተኹልካ ትፈልጥ’ዶ?” ብምባል ሓተቶ።

ሃል እንታይ መልሲ ከም ዝህብ ክሓስብ ጀመረ። “እንድዒ ክቡር ዳኛ”

“ንስድራኻ ዘሎካ ክቱር ፍቕሪ” በሎ ቴይለር ድምጹ ኣትሒቱ። “ናይ ብሓቂ ኣድኒቕካ”

ሃል ተስፋ ረኺቡ ገጹ ብሓንሳብ በርሀ። “የቕንየለይ ክቡር ዳኛ ... ኣብ ዓለም ልዕሊ ዝኾነ ነገር ዘገድሱኒ ስድራይ እዮም። ኣነ ኸኣ ...”

“ስለዚ ካብኣቶም ክትፍለ ይኹን ክትስእኖም ኣይትደልይን ኢኻ ማለት እዩ? ንዓኻ ናብ ቤት ማእሰርቲ እንተ ሰዲደካ ደቅኻ ደጊሞም ከይረኣዩኻ ክዓብዩ እዮም፡ እታ ትፈትዋ ሰበይትኻ ከኣ ካልእ ሰብኣይ ጌይራ ክትጸንሓካ’ያ። እንታይ ክብል ከም ዝደለኹ ትሕዘኒ’ዶ ኣለኻ?”

“እንድዒ ክቡር ዳኛ ... እንታይ ክትብል ከም ዝደለኻ ኣይተረድኣንን?”

“ንስድራኻ ከይትስእን ይሕግዘካ’የ ዘለኹ ሃል። ተስፋ ይገብር ብዝገብረልካ ዘለኹ ዓቢ ውዕለት ኣዚኻ ተሓጓስካ ክትከውን!!”

“እዋእ ብጣዕሚ እንበር ክቡር ዳኛ!! ... መጠን ሓጎሰይ ብልክዕ ክነግረካ የጸግመኒ እዩ”

“ምናልባት ኣብ መጻኢ ማዕረ ክንደይ ከም ዝተሓጎስካ ብተግባር ክተርእየኒ ክጽበየካ እየ”

“ዝኾነ ዝበልካኒ ክቡር ዳኛ!!”

“ጽቡቕ እንበኣር!! ... ከምቲ ኣብ ቤት-ፍርዲ ዝበልክዎ ኣብ ዉንዙፍ ፍርድኻ ሓዲገካ ኣለኹ። እንተኾነ ኣብዘን ሓሙሽተ ዓመታት ዝኾነ ኣብ ጠባይካ ኮነ ተግባራትካ ዘየሕጉሱኒ ነገራት ምስ ....”

“ብፍጹም ክቡር ዳኛ!! እመነኒ ጥራይ። ሕጂ ጥራይ እንታይ ክገብረልካ እኻ ትደሊ ዘለኻ ንገረኒ”

“ደሓን ናቱ ግዚኡ ምስ ኣኸለ ክነግረካ እየ። ሓደ ነገር ክትፈልጦ ዝግብኣካ ግን፡ እዚ ሎሚ ዝተዘራረብናሉ ጉዳይ ኣብ ሞንጎና ዝተርፍ ዓቢ ምስጢር እዩ ... ሕራይ’ዶ!”

ሃል ፍሽኽ ብምባል የማነይቲ ኢዱ ኣብ ጸጋማይ ኣፍልቡ ኣንቢሩ “ነዚ ምስጢር ካብ ዘውጽእ ሞት ይሕሸኒ!!” ብምባል ቃል ኣተወሉ።

** ** **

ድሕሪ ቁሩብ ሰዓታት ምስ ሃል ዝገበሮ ዝርርብ እዩ ከኣ ናይ ዕድል ነገር ቴይልር ኣዝያ ኣገዳሲት ናይ ቴሌፎን መልእኽቲ ካብ ዲሚትሪ ዝተቐበለ።

“ምስ ኣቦኻ ኣብ መርከቡ እየ ዘለኹ። ንጠበቕኡ ክድውለሉ እዩ ጸኒሑ። ሰኑይ መዓልቲ ኣብ ከተማ ቦስተን ምሰኡ ተራኺቡ ወረቐት ኑዛዜኡ ክቕይሮ’ዩ ደልዩ መሰለኒ”

ቴይለር ኣቡኡ ክቕይሮ ዝጓየየሉ ንዘሎ ኑዛዜ እንታይ ከም ዝብል ንክፈልጥ ወሰነ። ንዲሚትሪ ቀዳም ናብኡ ንኽድውለሉ ድሕሪ ምሕባር ንሃል ናብ ቤት-ጽሕፈቱ ጸወዖ።

“..... እወ ሽም እቲ ትካል **‘ሬንኩሲት፡ሬንኩሲትን ፊትዝግራልድን’** እዩ ዝበሃል። ቅዳሕ ወረቐት ኑዛዜ ካብቲ ቤት-ጽሕፈት ሒዝካለይ ክትመጽእ ኣሎካ”

“ጸገም የለን ክቡር ዳኛ። ከምታ ድሌትካ ጌረ ክመጽእ እየ”

** ** **

ድሕሪ ዓሰርተ ክልተ ሰዓታት ቴይለር ቅዳሕ ናይቲ ኑዛዜ ኣብ ኢዱ ተረከበ። ከንብቦ ከሎ ፍናንን ክቐጻጸሮ ዘይከኣለ ሓጎስን ተሰምዖ። ንሱ፡ ዉዲ፡ ከምኡ’ውን ካንደል እቶም እንኮ ወረስቲ ሃብቲ ምኻኖም ኣብቲ ወረቐት ተመልከተ። ..... *እንበኣርከስ ሰኑይ ነዚ ንኽቕይር እዩ ዝጓየ ዘሎ!! እዚ ድቓላ ሰብኣይ ነቲ ጉቡእና እውን ካባና ክወሰዶ እዩ ዝደሊ!!* ..... ቴይለር እንታይ ክገብር ከም ዘለዎ ክሓስብ ጀመረ። .... *ካብ ንእስነትና ክንደይ ሰቕያትን መከራን ከም ነሕልፍ ገይሩና እንድዩ፡ ስለዚ እዚ ቢልዮናት ከም ተምሳል ካሕሳ ንዓና’ዩ ዝግብኣና። ከም ደቁ መጠን ዘይኮና ከም ካሕሳ ዝግበኣና ተበደልቲ ዝለዝኾንና ገንዘቡ ይግበኣና’ዩ!!*

ንኣቡኡ ጠጠው ከብለሉ ዝኽእል እንኮ ኣማራጺ ሓደ ጥራይ ምኻኑ ተገንዘበ።

** ** **

ዲሚትሪ ከም ቆጸርኡ ቀዳም ደወለ።

“ቅተሎ!!” ቴይለር ቆራጽን ጨካንን ውሳኒኡ ሓበሮ።

ዲሚትሪ ንንውሕ ዝበለ ካልኢታት መልሲ ከይሃበ ኣብ ሓሳብ ድሕሪ ምጽናሕ “ድሓር እንተተታሓዝኩ’ኻ?” ብምባል ሓተተ።

“ከምዘይትተሓዝ ግበር። ኣብ ማእከል ባሕሪ ኢኻ ዘለኻ ይመስለኒ። ኣብ ባሕሪ ከኣ ብዙሓት ነገራት ኪጋጥሙ ይኽእሉ እዮም”

“ሕራይ ደሓን። ነዚ ነገር ምስ ፈጸምክዎ ግን ....”

“ገንዘብካን ናብ ኣውስትራልያ ዘእትወካ ናይ ኣየር ትኬትን ተዳልዩልካ ክጸንሕ እዩ”

ድሕሪ ቁሩብ ሰዓታት እታ ሳልሰይቲን ኣበሳሪትን ናይ ቴሌፎን ደወል ካብ ዲሚትሪ ካሚኒስኪ ተቐበለ።

“ከምቲ ዝበልካኒ ጌይረ’ለኹ!! ኣዝዩ ቀሊል ስራሕ እዩ ነይሩ!!”

“ስምዓኒ እሞ ... ኩሉ እቲ ዘጋጠመ ከየትረፍካ በብሓደ ብዝርዝር ንገረኒ”

ቴይለር፡ ንኣገባብ ኣቀታትላ ኣቡኡ ክሰምዕ ምስ ጀመረ ልክዕ ኣብቲ ቦታ ዘሎ ኮይኑ ተራኣዮ።

“መንገድና ናብ ኮርሲካ እዩ ነይሩ። ናይ ዕድል ነገር ከኣ ሕማቅ ማዕበል እዩ ኣጋጢሙና። ደሓር ሄሪ ንኣካላቱ ማሳጅ ክገብረሉ ጸዊዑኒ። ሽዑ .....”

ቴይለር ከይተረድኦ ንቴሌፎኑ ብሓይሊ ናብ እዝኑ ኣጸግዓ። “ሕራይ ቀጽል ... ሽዑ’ከ?”

** ** **

ዲሚትሪ ምስ ንፋስን ጽፍዒ ማዕበልን እንዳተቃለሰ እዩ ንከይወድቅ እንዳተጠንቀቀ ናብ ክፍሊ ሄሪ ስታንፎርድ ዝበጽሐ። ናብ ማዕጾ ተጸጊዑ ምስ ካሕኩሐ ካብ ውሽጢ ድምጺ ሰምዐ።

“እተው!!” ሄሪ ኣብ ደገ ንዘሎ ንፋስን ማዕበልን ኣብ ግምት ብምእታው ብዓውታ ተዳሃየ። ዲሚትሪ ናብ ውሽጢ ክፍሊ ኣትዩ ብኽብዱ ደቂሱ ንዝጸንሖ ሓለቅኡ ክደርዞ ጀመረ።

“ኣብዚ ... ኣብ ዳሕረዋይ ሕቆይ ገጽካ” ሄሪ ኢዱ ብምጥዋይ ማሳጅ ክገበረሉ ንዝደልዮ ኣካላቱ ኣመልከተሉ።

“ደሓን ጽቡቕ ገይረ ክደርዘካ’የ። ጥራይ ንስኻ ተዛነ”

ዲሚትሪ ዘይቲ እንዳፍሰሰ ቀስ ገይሩ ክደርዞ ጀመረ። በተን ዓበይቲ የእዳዉን ፍሉይ ክእለቱን ተጠቂሙ ንሓለቅኡ ከዛንዮ ግዜ ኣይወሰደሉን።

“እወ ኣብኣ ..... ጽቡቕ ትደርዘኒ ኣለኻ”

ዲሚትሪ ሓለቅኡ ትኻስ ክሳብ ዝመጽኦ ንሰዓት ዝኣክል ደረዞ።

“ሕጂስ ደኺምካ ኣለኻ። ልብጥ ብዝበለ ማይ ጌይርካ ባኞ ክትገብር መታን ከዳልወልካ” ኢልዎ ምስ ማዕበላዊ ምንቅስቃስ እታ መርከብ እንዳተቓለሰ ኣብቲ ክፍሊ ናብ ዝርከብ ባኞ ኣተወ። ተቀላጢፉ ንመሕጸቢ ቫስካ ብዉዑይ ማይ ክመልኦ ጀመረ። ኣብዚ ግዜ እዚ ሄሪ ክድረዘሉ ኣብ ዝጸንሐ ጸፊሕ ጣውላ ዓይኑ ዓሚቱ ብዛዕባ ቀጻሊ ስጉምትታቱ ይሓስብ ነበረ።

“ኣቶ ስታንፎርድ!” ዲሚትሪ ንቫስካ ብልብጥ ዝበለ ማይ ምስ መልኡ ተዳሃየ።

ሄሪ ዓሚቱወን ንዝጸንሐ የሚንቱ ከፈተን።

“ግና ምስዚ ቁሪ’እኮ ባኾ ኣይመድለየንን ነይሩ ....”

“እንተተሓጺብካ ምስቲ ማሳጅ ዝገበርኩልካ ፎኺሱካ ጥዑም ድቓስ ክትድቅስ ኢኻ”

ንሓለቅኡ ደቂሱሉ ካብ ዝጸንሐ ብርኽ ዝበለ ጸፊሕ ጣውላ ንኽወርድ ድሕሪ ምሕጋዝ፡ ንምንቅናቅ እታ መርከብ ምኽንያት ገይሩ ደጊፍዎ ናብ ባኾ በጽሐ። ብፍላጥ ንድሕሪት ኣብ መዓጾ ብምትራፍ ሓለቅኡ ቀዲምዎ ናብቲ ባኾ ከም ዝኣቱ ገበረ። ሄሪ ክዳውንቱ ኣውጺኡ ናብቲ ቫስካ ድሕር ምእታው እዩ ተጠውዩ ንዲሚትሪ ምስ ጠመቶ እንታይ ክስዕብ ከም ዝኾነ ነብሱ ዝነገሮ።

“ኣይደልይን እየ!” ኢሉ ሄሪ ካብ መሕጸቢ ቫስካ ክትንስእን ዲሚትሩ ተቐዳዲሙ፡ ንገዘፍቲ የእዳዉ ኣብ ርእሲ ሄሪ ኣንቢሩ ናብ ውሽጢ ማይ ዝመልኦ ቫስካ ገጹ ክደፍኦ ሓደ ኮነ። ሄሪ ልዕሊ ማይ ወጺኡ ኣየር ንኽስሕብ ፈንጠርጠር በለ። እንተኾነ ንሓይሊ እቲ ግዙፍ ራሽያዊ ክዳረጎ ኣይከኣለን። ዲሚትሪ ሰናቡእ ሓለቅኡ ብማይ ክሳብ ዝመልእ ናብ ውሽጢ ጸቂጡ ሓዞ። ኣብ መወዳእታ ኩሉ ምንቅስቃሳቱ ደው በለ። ዲሚትሪ ፍጹም ምንቅስቃስ ንዘየርኢ ዘሎ ሄሪ ክጥምቶ ጀመረ። ምሟቱ ድሕሪ ምርግጋጽ ብቅልጡፍ ካብቲ ባኾ ወጺኡ ክደርዞ ናብ ዝጸንሓሉ ክፍሊ ኣምረሐ።

ናብ ጠረጴዛ ሓለቅኡ ብሰንኪ ማዕበል ሰንከልከል እንዳበለ ምስ በጽሐ፡ ተመዛዚ ከፊቱ ኣብኡ ካብ ዝጸንሕዎ ወረቓቕቲ ስራሕ ኣውጸአ። ነዚ ምስ ገበረ ናብ ዳሕረዋይ ኮሮድዮ መርከብ ንዘውጽእ ማዕጾ እቲ ክፍሊ ብምኽፋት ሓያል ማዕበላዊ ንፋስ ናብቲ ክፍሊ ከም ዝኣቱ ገበረ። ብማዕጾ ተቀልቂሉ ኣብ ኮሮድዮ ሓያል ጸፍዒ ዘለዎ ዝናብን ንፋስን ከም ዘሎ ተመልከተ። ንገለ ካብተን ኣብ ኢዱ ዝሓዘን ወረቓቕቲ ኣብቲ ዘለዎ ክፍሊ ድሕር ምብታን ንዝተረፉ ናብ መእተዊ ማዕጾ እቲ ክፍሊ ተጸጊው ኣብቲ ኮሮድዮ በተነን። ዝኾነ ኣንፋቲ ነገር

ገይሩ ንከይኸውን ድሕሪ ምርግጋጽ ብስርሑ ዓጊቡ ንዝተረፎ ስራሕ ክዛዝም ናብቲ ባኞ ተመልሰ።

ንሬሳ ሄሪ ካብቲ ቫስካ ተሰኪሙ ኣውጸአ። ተኸዲንዎ ንዝነበረ ክዳን ለይቲን ሸበጥን ኣልቢሱ ተሰኪምዎ ናብ ኮሮድዮ መርከብ ወጽአ። ምስቲ ሓያል ጸፍዒ እንዳተቓለሰ ንሬሳ ኣብ ሓጺናዊ ልዳት ናይቲ ኮሮድዮ ኣጸገየ። ዝዕዘብ ንከይህሉው ድሕሪ ምርግጋጽ፡ ንሬሳ ሄሪ ሓጺር ቁመት ብዘለዎ ሓጺናዊ ልዳት ናይታ መርከብ ኣዝሊሉ ናብ ባሕሪ ደርበዮ። ሓሙሽተ ካልኢታት ድሕሪ ምቐጻር ተጓይዩ ቴሌፎን ኣልዓለ።

“ሰብ ጥሒሉና ኣሎ!!!” ናይ ርድኡኒ ኣውያት ኣስመዐ።

** ** **

ቴይለር ኩሉ ዲሚትሪ ዝገበሮ ብቴሌፎን ክነግሮ ከሎ ልክዕ ኣብኡ ከም ዝነበረ ክረኣዮ ጸንሐ። ኣቡኡ ክመውት ከሎ ዘሕለፎ ስቅያት ተደጋጊሙ ኣብ ሓሳቡ ቅጅል ክብሎ ጀመረ። ኣዝዩ ተሓጎሰ።

ኩሉ ነገር ተውዲኡ ኣሎ .... ሓሰበ ቴይለር። ነዊሕ ከይጸንሐ ግን ንሓሳቡ መኣረምታ ክገብረሉ ዘገድዶ ነገር ዘከረ። ገና እቲ ጸወታ ተጀሚሩ እንበር ከም ዘይተወድአ ተነጸረሉ። *... ገና ሕጂ'ዩ እቲ ጸወታ ክጅመር። ነታ ሓያል ንግስተይ ዘንቀሳቕሰሉ ግዜ ኣኺሉ'ሎ .....* ብምብል ቀጻሊ ውጥኑ ክነድፍ ጀመረ።

** ** **

ምዕራፍ 17

ቴይለር ሓሰበ። ካንደልን ዉዲ ሓዉን ኣበርክቶ ከይገበሩ ማዕሪኡ ነቲ ሃብቲ ክማቀልዎ ምኻኖም ክዋሓጠሉ ኣይከኣለን። .... *ማዕረይ ክማቐሉ እሞ ፍጹም ኣይግብኦምን እዩ። ሳላይ ተዘይከውን ነይሩ ሳንቲም እውን ኣይምረኽቡን ነይሮም። ነዛ ሳንቲም እውን ኣይምረኽቡዋን!! ገባሪ ጽቡቐም ማዕሪኦም ክካፈል ርትዓዊ ፍርዲ ኣይኮነን። ግን እንታይ'ከ ክግበር ዝከኣል ኮይኑ ... እንታይ ኣማራጺ ኣሎ ክኽሰበሉ ዝኽእል* .... እንዳበለ ቴይለር ምስ ገዛእ ነብሱ ኣብ ልዝብ ኣተወ።

ኣዲኡ ቅድሚ ነዊሕ ዓመታት ንዝሃበቶ ሓንቲ ሚእታዊት ብርኪ ምስ ዘከረ፡ እቲ ሽዑ ኣቡኡ ዝተዛረቦ ቅጅል በሎ። *"በዛ ሓንቲ ዝሃብክዮ ብርኪ እሞ እንታይ ክገብር ኢኺ ትጽበዮ? ነታ ትካል ክወርሳ?!!"*

ከምቲ ኑዛዜ እንተኾይኑ ዉዲን ካንደልን ክልተ ሰልሲት ናይቲ ብርኪ ... እሰኪ? .. እ .. 67 ሚእታዊት ብርኪ ክውንኡ እዮም ማለት እዩ። ብኽመይ ግን በዛ ዘላትኒ ናይ ሓንቲ ሚእታዊት ብርኪ ብልጫ ንስታንፎርድ ኢንተርፕራይዝ ኣብ ትሕቲ ግዝኣተይ ክገብሮ ይኽእል ..... እንዳበለ ክሓስብ እንከሎ እዩ ቀጺሉ ክገብሮ ዘለዎ ነገር ዝተቐጀሎ።

** ** **

"ኣቦኹም ቅድሚ ብዙሕ ዓመታት ካብ ሓንቲ ኣብዚ ገዛ ትሰርሕ ዝነበረት ኣላይት ቆልዑ ወሊዱ ከም ዝነበረ ትፈልጡ ይመስለኒ" ..... ቴይለር ንቃላት ፊትዝግራልድ ዘከረ።

ጁልያ ናይ ብሓቂ ብህይወታ ዘላ ፍጥርቲ ተኾይና ኣርባዕተ ክንከውን ኢና ማለት እዩ .... ቴይለር ክሓስብ ጀመረ። እንተደኣ ነቲ ናታ ብርኪ ኣነ ጠቕሊለዮ ምስቲ ናተይ ብሓባር ሓምሳ ሚእታዊት ክኽውን እዩ፡ እታ ሓንቲ ሚእታዊት ብርኪ ናይ ኣደይ ኣብ ግምት ከየእትኹ ማለት እዩ። ክንድዚ ዝኣክል ብርኪ እንተደኣ ወኒነ

ንሰታንፎርድ ኢንተርፕራይዝ ከም ድሌተይ ክገብሮ ዘኽእለኒ ሓይሊ ረኺበ ማለት እዩ። ኣብታ ናይ ኣቦይ ዙፋን ክቕመጥ ክኽእል እየ ..... ኢሉ ድሕሪ ምሕሳብ ሓደ ጥበብ ቅጅል በሎ። ... ሮዝሜሪ ምይታ'ያ ትኸውን። ንጓላ እውን መንነታ ከይነገረታ ዓሪፋ ክትኸውን ትኽእል እያ። ነታ ሓቀኛ ጆሊያ ከይተጸበኹ ዕላማይ ክወቅዓሉ ዘኽእል መንገዲ እንታይ ኣሎ? .... መልሲ ክደሊ ምሕሳቡ ቀጸለ።

'ማርጎ ፖዝነር' .... በቃ ንሳ'ያ ቅንዕቲ መልሲ ..... በለ ቴይለር ምስ ነብሱ።

** ** **

ማርጎ ፓዝነር ብገበን ተኸሲሳ ኣብ መጋባኣያ ቤት-ፍርዱ ምስ መጽአት እዩ ንመጀመርታ ግዜ ዝፈልጣ። ፓሊስ ቤት-ፍርዲ ናብቶም ኣብ መጋብኣያ ዝነበሩ ሰባት ተጠውዩ "ቤት-ፍርዲ መጋብኣያ ክቕጽል እዩ። ክቡር ዳኛ ቴይለር መጺኦም ኣለው። ኩላትና ሓፍ ንበል!!" ብምባል ተዛንዩ ንዝጸንሐ ሰብ ኣዘዘ።

ቴይለር ኣብ ዙፋኑ ኮፍ ድሕሪ ምባል፡ ኣብ ቅድሚቱ ካብ ዝነበራ ፋይላት ብላዕሊ ንዝጸንሓቶ ኣልዓለ። 'ግዝኣት ኢሊኖይስ ኣንጻር ማርጎ ፓዝነር' ዝብል ኣብ ገበር ፋይል ተጻሒፍዎ ኣንበበ።

ጠበቓ ከሳሲ ኣካል ካብ ዝተቐመጠሉ ተንሰኣ። "ክቡር ዳኛ፡ ተኸሳሲት ኣዝያ ሓደገኛ ሰብ እያ። ከምኡ ብምኻና ከኣ ካብ ጎደናታት ቺካጎ ክትእለ ኣለዋ። ግዝኣት ኢሊኖይስ ተኸሳሲት ቅድሚ ሕጂ ኣብ ብዙሕ ገበናት ከም ዝተሳተፈት ብመርትዖ ዝተደገፈ መረጋገጺ ከቕርብ እዩ። ቅድሚ ሕጂ ተኸሳሲት ካብ ድኳናትን ውልቀ ሰባትን ብምስራቅ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ኣትያ ነይራ። እዚ ጥራይ ዘይኮነ ኣብ ዘይሕጋዊ ናይ ምንዝርና ስራሕ እውን ትነጥፍ ነይራ እያ። ተኸሳሲት ኣብ ትሕቲ ዕሉል ገበነኛ ራፋኤል ተጠርኒፈን ካብ ዝሰርሓ ኣመንዝራታት እውን እያ። ኣብ ወርሒ ጥሪ ከኣ እዩ እዛ ተኸሳሲት ምስ ጠርናፊኣን ካልኣይ ተሓጋጋዚኡን ክትረዳዳእ ብዘይምኽኣላ ሽጉጥ ዝተኮሰትሎም "*

"ካብ ግዳያት ዝሞተ ኣሎ ድዩ?" ሓተተ ቴይለር።

“የለን ክቡር ዳኛ። እንተኾነ ብጹኦ ቆሲሎም ኣብ ሆስፒታል ተዓቚቦም ነይሮም። ካልእ ክቡር ዳኛ ... እቲ ማርጎ ፓዝነር ዝተጠቕመትሉ ብረት ሕጋዊ ፍቓድ ዘይብሉ ኣጽዋር እዩ”

ቴይለር፡ ኮፍ ኢላ ገበናታ ትሰምዕ ንዘላ ማርጎ ጠመታ። ክሰምዖ ንዝጸንሐ ዓይነት ገበናት እትፍጽም ወንጀለኛ ኣይትመስልን እያ። ኣብ መወዳእታ ዕስራታት ዕድሚኣ እትርከብ መልክዐኛ መንእሰይ እያ። ተኸዲናቶ ምስ ዘላ ሰሓቢ ክዳንን ፍሉይ ግርማኣን ብጌጋ ናብ ፍርዲ ዝቀረበት እያ ትመስል። ቴይለር ኣድህቡኡ ፍሉይ ጽባቐን መልክዕን ካብ ዝተዓደላ ማርጎ ከይኣለየ ንቃላት ክልቲኦም ኣንጻር ጠበቓታት ምስምዑ ቀጸለ። ብርግጽ እዚ እዩ ክብሎ’ኳ ተዘይከኣለ ኣብ ገለ ነገራታ ግን ንካንደል ሓፍቱ ኣዘኻኽረቶ።

ጠበቓኣን ኣኽባሪ ሕጊ ግዝኣት ኢሊኖይስን ንኹሉ ሕቶታቶም ሓቲቶምን መርትዖታቶም ኣቅሪቦምን ምስ ወድኡ ጉዳይ ናብቶም ኣብ ጸጋማይ ጸግዒ ቤት-ፍርዲ ዝቅመጡ ፈራዶ ሓለፈ። ኩላቶም ተኸሳሲት ኣብ ዝቐረቡላ ክስታት ሙሉእ በደለኛ ምኻና ብምስምምዖም ፍርዲ ንኽወሃባ ናብ ዳኛ ቴይለር ኣሕለፍዎ።

ቴይለር ናብ ተኸሳሲት ብምጥማት “ቤት-ፍርዲ ንኽስታትኪ ዘፋኹሰልኪ ወይ ከቃልለልኪ ዝኽእል ነገር ካባኺ ኣይረኽበን። ስለዚ በዚ ምኽንያት ንሓሙሽተ ዓመት ኣብ ተሃድሶ ዲዋይት ንኽትጸንሒ ቤት-ፍርዲ በይኑልኪ ኣሎ ..... ዝቐጽል ክሲ ናይ መን እዩ?” ብምባል ፍርዲ ድሕሪ ምብያን ቀጺሉ ናብ ዝጽበዮ ዘሎ ጉዳይ ሰገረ። ማርጎ ፓዝነር ምስ ሓፍቱ ካንደል ዘመሳስለን ነገር እንታይ ምኻኑ ብፓሊስ ተመሪሓ ካብ ቤት-ፍርዱ ክሳብ ትወጽእ ክፈልጦ እኳ ተዘይከኣለ፡ ጸኒሑ ግን ምምስሳለን ኣብ ምንታየን ምኻኑ ነጸረሉ። ናይ ማርጎ ብሌን የዒንቲ ልክዕ ከም እንዳ ስታንፎርድ ናብ ጽልሚ ዝኸደ ቡናዊ ሕብሪ ከም ዘለወን ዘከረ። ... *ምምስሳለ ክብልዎስ* ... በለ ብውሽጢ ተደኒቑ።

** ** **

ቴይለር ንማርጎ ፓዝነር ቅድሚ’ታ ኣበሳሪት መልእኽቲ ቴሌፎን ካብ ዲሚትሪ ምቅባሉ ዘኪርዋ’ኳ ኣይፈልጥን’ዩ።

እንሆ ኣብቲ ናይ መጀመርታ ምንቅስቃሳቱ ተዓዊቱ'ሎ። ቀጺሉ ንዝገብሮ ምንቅስቃስ'ውን ልክዕ ከምቲ ዝፈትዎ ጸወታ ቼዝ ኣቐዲሙ ሃንዲስዎ'ሎ። ቴይለር ንረቂቕ ብልሓቱ ኣዝዩ ምስ ዝመልኮ ጸወታ ቼዝ እንዳመሳሰለ ብዛዕባ ቀጻሊ ስጉምትታቱ ክሓስብ ጀመረ።

** ** **

ቴይለር ንማርጎ ፓዝነር ክበጽሕ ደቀንስትዮ ጥራይ ናብ ዝእሰራሉ ተሃድሶ-ዲዋይት ኣምረሐ።

"ትዝክርኒ'ዶ?"

የዒንታ ኣፍጢጣ ጠመተቶ። "ከመይ ጌይረ ክርስዓካ?!! ... ንስኻ'ዶ ኣይኮንካን ኢኻ ናብዚ ቦታ ዝሰደድካኒ?"

"ህይወት ቤት-መእሰርቲ'ሞ ትኽእልዮ'ዶ ኣለኺ?"

"ነዚ ገሃነም ዝኾነ ህይወት ዲኻ ክኽእሎ ትጽበየኒ ዘለኻ .... ክትላገጽ መጺእካ ሓቀይ?" ገጻ ጸዊጋ፡ የዒንታ ኣፍጢጣ ጠመተቶ።

"ካብዚ ቤት-ማእሰርቲ እንተትወጽኢ እንታይ ምተሰምዓኪ?"

"እንታይ ክስማዓኒ?!!" ሓሪቓ መሊሳ ሓተተቶ። "ትላገጽ ዲኻ ዘለኻ?"

"ይላገጽ ኣይኮንኩን ዘለኹ። ቁምነገር እየ ዝነግረኪ ዘለኹ። ካብ ቤት-ማእሰርቲ ከም እትወጽኢ ክገብር ይኽእል'የ"

"ተጌርካዮ'ዶ!! .... ግን ግን ሓንሳብ እሞ፡ ኣነ እንታይ ክገብረልካ ስለ ዝደለኻ ኢኻ ካብዚ ክተውጽኣኒ?"

"ክትገብርለይ ዝደልየኪ ሓደ ነገር ኣሎ"

ማርጎ ንኣካላታ ዝበሃገ መሲልዋ የዒንታ ሰለምለም እንዳበለት "ጸገም የለን። ግን እንታይ እየ ክገብረልካ ትደልየኒ ዘለኻ፡ ኣግሂድካ ተትነግረኒ ደስ ምበለኒ" ሓተተቶ።

"ከምቲ ትሓስብዮ ዘለኺ ኣይኮንኩን ዝደሊ"

"እሞ እንታይ ክገብረልካ ኢኻ ትደልየኒ ዘለኻ?" ነገራቱ ከሕርቃ ጀሚሩ እንዳንጸርጸረት ሓተተቶ።

"ክትዋስእለይ እየ ዝደልየኪ"

"ክትዋስእለይ?!! ... እንታይ ዓይነት ተዋስኦ?"

"ዘይንስኻ ኮይንካ ኣብ ሓቀኛ ህይወት ምውሳእ"

“ከመይ ጌይረ እየ እሞ ንካልእ ሰብ ተመሲለ ክዋሳእ ዝኽእል? ካልኣይ ነገር ናቱ ጠባያት ኮነ ....”

“ንዝበልኩኺ ተጌርክለይ ካብ ቤት-ማእሰርቲ ኣገላጊለ፡ ዕስራን ሓሙሽተን ሺሕ ዶላር መቀሸሸ ብላዕሊ ክህበኪ እየ”

ቴይለር ገጻ ኣብ ካልኢት ክቀያየር ተዓዘበ። “ጸገም የለን” ቅልጡፍ መልሲ ሃበቶ። “ንዝኾነ ሰብ መሲለ ክዋስኣልካ ይኽእል እየ። መን እዩ እቲ ሰብ?”

ቴይለር ቀሪቡ ከዕልላ ጀመረ።

** ** **

ቴይለር ስልጣኑ ተጠቒሙ ማርጎ ፓዝነር ከም ትፍታሕ ገበረ። ላዕለዋይ ዳኛ ቤት-ፍርዲ ንዝኾነ ኬትዝ ፔርሲ “እዛ ጓል ብዙሕ ትዕድልቲ ዘለዋ ኣርቲስት እያ። ኣብ ርእሲ እዚ ኣብ ህይወታ ዓቢ ምምሕያሽ ብምግባር ጽቡቕ ናብራ ክትመርሕ ዘለዋ ሃረርታ ኣዝዩ ልዑል እዩ። ከም ዝመስለኒ ከኣ ንኹምዚኦም ዝኣመሰሉ ዜጋታት ኣሪምና ናብቲ ሰናይ ጎዳና ህይወት ክንመርሖም ካባና ዝጽበ ሓላፍነት እዩ በሃላይ እየ” ብምባል እዩ ብሓላፍነቱ ካብ ተሃድሶ ንክትወጽእ ዝገበረሉ ምኽንያት ከረድኦ ዝፈተነ።

ኬትዝ ብኣረኣእያ ቴይለር ተመሲጡ “ጽቡቕ ኣለኻ ቴይለር። ትገብሮ ዘለኻ ኣዝዩ ዝነኣድ ስራሕ እዩ። ነቲ ሰናይ ሓሳብካ ተረዲአዮ ኣለኹ” ድሕሪ ምባል ብወገኑ ከምዘፍቕደሉ ክታሙ ኣንበረ።

** ** **

ቴይለር ንማርጎ ናብ መንበሪ ገዝኡ ኣምጺኡ ንሓሙሽተ መዓልቲ ብዛዕባ ስድራ ቤት ሄሪ ስታንፎርድ ክትፈልጦ ዝግባኣ ዘበለ ክነግራን ከረድኣን ቀነየ።

“ስም የሕዋትኪ መን ይበሃል?”

“ቴይለር፡ እቲ ምንኣስካ ከኣ ዉድሮፍ”

“ኣርምያ ... ዉድሮው እዩ ሸሙ”

“ጽቡቕ ኣለኻ .. ዉድሮው”

“ንሕና እንታይ ኢልና ኢና ንጽውዖ?”

“ዉዲ”

“ሓፍቲ ኣላትኪ’ዶ?”

“እወ። ካንደል ትበሃል፡ ዲዛይነር እያ”

“ሓዳር ኣለዋ’ዶ?”

“ሓደ ፈረንሳዊ ዜግነት ዘለዎ ሰብኣይ ኣለዋ። ስም ሰብኣያ ... እ ... ማርክ ሬንዮር ይበሃል”

“ማርክ ረናውድ .... ኣርምያ!”

“ስም ኣዴኺ መን ይበሃል?”

“ሮዝሜሪ ነልሰን። ኣላይት ቆልዑ ነይራ”

“ንምንታይ ስርሓ ገዲፋ ጠፊኣ?”

“ካብ ሄሪ ስለ ዝጠነሰት”

“ንወይዘሮ ስታንፎርድ’ከ እንታይ ኣጋጢምዋ?”

“ነብሰ ቅትለት ፈጺማ”

“ኣዴኺ ብዛዕባና እንታይ ነጊራትኪ?”

ማርጎ ኣብ ምዝካር ካልኢታት ኣሕለፈት።

“ንገርኒ እባ?”

“ሓደ እዋን ንስኻ ካብ ጀልባ ናብ ቀላይ ዝኣተኻሉ ግዜ ነይሩ ....”

“ናብ ቀላይ ኣይኣተኹን!!” በላ ቴይለር ቁጥዐ ኢሉ። “ዳርጋ ክኣትው ኢለ ነይረ .... ኣርምያ”

“እወ እባ!! ዉዲ ከኣ ኣብ ህዝባዊ መናፈሻ ዕንባባታት ብምቅንጣሱ ዳርጋ ክኣስርዎ ኣፈራረሑሞ ነይሮም”

“ዉዲ ዘይኮነ ካንደል እያ ከምኡ ጌይራ!”

** ** **

ቴይለር ወጢንዎ ኣብ ዘሎ ብልሓት ንፍሽለት ዘቃልዕ ዝኾነ ኣንፈት ክርከብ ኣይደልን እዩ። ስለዚ ከኣ እዩ ንማርጎ ፓዝነር ክትመስለሉ ንዝደልያ ዘሎ ገጸ-ባህሪ መሊኻቶ ኣላ ኢሉ ክሳብ ዝኣምን ደኺማ እንከላ ክሓታ ዘምሰየ።

“ካንደል ብኽልቢ ተነኺሳ ነይራ”

“ተጋጊኺ ማርጎ ... ኣነ’የ ብኽልቢ ተነኺሰ”

ማርጎ ድኻም ኣሰኒፍዋ ክትድቅስ እንዳደለየት የዒንታ ሓሰየት። “ስምዓኒ ቴይለር ... ብጣዕሚ ደኺመ ስለዘለኹ ጽቡቕ ጌይረ ክዝክርን ክሓስብን ኣይክእልን እየ። ክድቅስ ግደፈኒ!!”

“ነዘን ዝሓተኪ ዘለኹ ጽቡቕ ጌርኪ እንተ ደኣ መሊስክለይ ክትድቅሲ ትኽእሊ ኢኺ”

“ሕራይ ክሳብ መዓስ ኢኻ ግን ከምዚ እንዳበልካ ክትሓተኒ?” ማርጎ ተበሳጭያ ሓተተት።

“ድልውቲ ምኳንኪ ክሳብ ዝኣምነልኪ .... ሕጂ ናብ ምልምማድኪ ንመለስ”

ቴይለር ክሳብ ማርጎ ጽቡቕ ጌይራ መሊኻቶ ኣላ ዝብል ቀጸለ። ኣብ መወዳእታ ንኩለን ከይተጋገየት ምስ መለሰትሉ ዓገበ።

“ሕጂ ብቕዕቲ ኮይንኪ ኣለኺ!!” ድሕሪ ምባል ወረቓቕቲ ኣምጺኡ ኣብ ቅድሚኣ ኣንበረላ።

“እንታይ እዩ?” ማርጎ ነተን ወረቓቕቲ ቁሉሕ ኢላ ድሕሪ ምጥማት ሓተተቶ።

“ውዕልና ካብ ዘጠቓልሎ ነገራት እዩ” በላ ቴይለር ቅልጥፍ ኢሉ።

እቲ ሽዑ ንማርጎ ዘፈረማ ወረቓቕቲ፡ ብተምሳል ጁልያ ስታንፎርድ ካብ ስታንፎርድ ኢንተርፕራይዝ ብመልክዕ ውርሻ ንዝረኸበቶም ብርክታት ናብ ሓደ ብካልእ ትካል ዝመሓዳደር ኮርፓሬሽን ከም ዝሸጠቶ ዝገልጽ ነበረ። ብፌርማኣ ንዝሸጠቶ ብርክታት ዝዓደገ ኮርፓሬሽን ወናኒ ከኣ በዓሉ ቴይለር ስታንፎርድ እዩ። ... *ነዚ ብተዘዋዋሪ ራብዐይቲ ሰብ ፈጢረ ዝረኽቦ ዘለኹ ብርኪ ብኽመይ ከም ዘምጻእክዎ ንክፈልጡ ክኽብዶም እዩ* ... ሓሰበ ቴይለር ብረቒቅ ብልሓቱ እንዳተሓበነ።

ማርጎ ፌርማኣ ድሕሪ ምንባር ካብ ቴይለር ሓሙሽተ ሺሕ ዶላር ዕርቡን ተቐበለት።

“እቲ ዝተረፈ መጠን ዉዕልና ከኣ ከምታ ዝደልያ ጁልያ ስታንፎርድ ምኳንኪ እንተ የእሚንክለይ ክህበኪ’የ”

** ** **

ቴይለር ማርጎ እግራ ናብ ቪላ ሮዝ-ሂልስ ካብ ዘንበረትላ ሰዓት ጀሚሩ ብወገኑ ክገብሮም ንዝግብኦም ተዋስኣታት ብረቂቕ ጥበብ እዩ ፈጺምዎ።

“ወይዘሪት ... እ .... ብዘይ መረጋገጺ ነዚ ትብልዮ ዘለኺ ኣሚንና ክንቅበለኪ ክኸብደና እዩ። ተሰፋ ይገብር ንምንታይ ከምኡ ንብል ኣለና ክትርድኣልና”

“እዚ ክትነግረና ዝጸንሐት ሓቂ’ኳ ተኾነ ኣብ መደምደምታ ክብጽሓና ግን ኣይክእልን እዩ። ኣነ ብወገነይ ተታልል ኣላ እየ ዝብል”

“ደሓን። ልዕሊ ዓሰርተታት ይኹኑ ንበል። ርግጸኛ እየ ከኣ ሰራሕተኛ ናይዚ ገዛ ብምንባሮም ንገለ ካብዚ ክትነግረና ዝጸንሐት ይፈልጡ እዮም። ኩሎም ሰራሕተኛታት ይዝከረኪ እንተነይሩ ኣውቲስታታት፡ ኣጽረይቶም፡ ከሸንቶም .... ብሙሉኦም ብብእብረ ሰዓት እዮም ዝሰርሑ ነይሮም። ነዚ ዘርኣየትና ስእሊ ከኣ ሓደ ካብቶም ኣብቲ እዋን ዝሰርሑ ዝነበሩ ሰራሕተኛታት ሂብዎ ክኸውን ይኽእል እዩ”

ካብቲ ዝድነቕ ተዋስኣታቱ ናይ ዲ.ኤን.ኤ መርመራ ንኽግበር ሓሳብ ምቕራቡ እዩ። ከምኡ ድሕሪ ምግባሩ እዩ ከኣ ቴይለር ንተኣዛዛይ ወትሃደሩ ሃል ቤከር እንታይ ክገብር ከም ዘለዎ ዝሓበሮ።

“ሬስኡ ካብ መቃብሩ ፍሒርካ ንሓዋሩ ከም ዝስወር ግበሮ”

ቴይለር ካልእ ፍጹም ክፈልጥዎ ዘይክእሉ ዝበሎ ጥበብ እውን ተጠቒሙ’ዩ።

“ሄሎው .... ዳኛ ቴይለር። እወ .... ንሓደ ካብቶም ብውልቂ መርመራን ምጽራይን ንኽካይዱልኩም ትወዓዓልዎም መርማሪ’የ ደልየ። መን’ዩ ሰሙ ሲምንስ ወይ ...”

“ፍራንክ ቲምንስ ማለትካ ድዩ?”

“ቲምንስ!!! ... እወ ንሱ’ዩ .... ብውልቃዊ ጉዳይ ከዘራርቦ ሰለ ዝደለኹ ቁጽሪ ቴሌፎኑ ክትህቡኒ ትኽእሉ’ዶ?”

** ** **

ቴይለር ኣብቲ ፈለማ ብዛዕባ ጁልያ ስታንፎርድ መርመራ ይካይድ ከም ዘሎ ንከምስል ብምባል ሃል ቤከር መገሻታት ገይሩ ጥራይ

ንኽምለስ ደልዩ'ኳ ተነበረ፡ ድሒሩ ግን ኣብ ቅድሚ ኩሎም ስድራ ጽብጻብ ክቐርብ ከሎ ከም መርማሪ መጠን ተኣማኒ መታን ክኸውን ብምባል ህልውና እታ ሓቀኛ ጁልያ ስታንፎርድን ኣዲኣ ሮዝሜሪን ተገዲሱ ንኽጠያይቅ እዩ ኣዚዝዎ። ሃል እውን ከም ዝተኣዘዞ ብምግባሩ ኣብ ቅድሚ ስድራ ሄሪ ዘቐረቦ ጸብጻብ ከም ሓቀኛ በዓል ሞያ ተቆጺሩ ተቀባልነት ንኽረክብ ኣኽኣሎ።

ሕጂ ኩሉ ነገር ከም ውጥኑ ብዘይ ዝኾነ ንጥርጣረ ዝፈጥር ነቓዓት ተፈጺሙ ኣሎ። ማርጎ ፓዝነር ከምቲ ዝተባህለቶ ንዝተዋህባ ገጸ-ባህሪ ጽቡቕ ጌይራ ተዋሲኣቶ ኣላ። ካብ ኩሉ ንቴይለር ምሒር ዘሐበኖ ሰለስቲኡም ኣሰር ኣጻብዕቲ ተጠቒምካ ንቡሙልኡም ስድራ ሄሪ ንምእማን ዝገበርዎ ውጥን ብዘይ ዝኾነ መሰናኽል ዕዉት ምኻኑ እዩ። ብዘይካ ተዋሳእቲ፡ ኩሎም ተዓዘብቲ እታ ሓቀኛ ጁልያ ስታንፎርድ ከም ዝተረኽበት ኣሚኖም ኣለዉ።

“ዝኾነ ኾይኑ ብሓቂ ሓፍቲ ከም ዘላትና ምርግጋጽና ኣዝዩ ዘሕጉሰ'ዩ። በሉ ንሰኻትኩም ኣዕልሉ፡ ኣነ ምናልባት ትደልዮ ነገር ኪይህልዎ ኪይደ ክሓታ”

ኣብ መደቀሲ ክፍላ በጽሐ። ናብ መዓጾ ቀሪቡ ኮነ ኢሉ ዓው ብምባል *“ጁልያ?”* እንዳበለ ንመዓጾ ኳሕኩሐ።

“ኩፉት እዩ እቶ” ዝብል ድምጺ ካብ ውሽጢ ክፍሊ ሰምዐ።

መዓጾ ከፊቱ ምስ ኣተወ ቃል ከየውጸአ ንካልኢታት ጠመታ። ቀስ ገይሩ መዓጾ ዓጸዎ። ተንሲኣ መታን ክትሓቅፎ ንክልቲኡ የእዳዉ ምስ ዘርግሓላ ቀስ ኢሉ ክስሕቅ ጀመረ።

“ዝሓሰብናዮ ጌርና ማርጎ!! ዝሓሰብናዮ ፈጺምና!!”

** ** **

ምዕራፍ 18

ስቲቭን ፊትዝግራልድን ላብ ውሽጢ ቤት-ጽሕፈቶም ኮይኖም ቡን ይሰትዮ'ለዉ።

"ገለ ነገር ጽቡቕ ዘሎ ኣይመስለንን!!"

"እንታይ እዩ ዘተሓሳስበካ ዘሎ?" ሓተተ ፊትዝግራድ።

ስቲቭ ኣዕሚቑ ኣስተንፈሰ። "ብዛዕባ ስድራ ሄሪ ስታንፎርድ እየ ... እንድዒ ኩነታቶም ደስ ኣይብለንን ዘሎ። ደጋጊመ እሞ ይሓስቦ ... ተመሊሰ ግን ናብ ሓንቲ ሕቶ እየ ዝምለስ ዘለኹ"

"እንታይ ዓይነት ሕቶ?"

"ትዝክር እንተኾይንካ ደቂ ስታንፎርድ ሬሳ ኣቡኦም ተፋሒሩ መርመራ ዲ.ኤን.ኤ ንኽካየድ ኣዝዮም ደለይቱ'ዮም ነይሮም። ስለዚ ምስቲ ድሌቶም ኣዛሚደ ንሬሳ ኣቡኦም ብምጥፋእ ክኸስብ ዝኽእል ሓደ ሰብ እንተሎ መርመራ ዲ.ኤን.ኤ ክካየድ ዘይደሊ ክኸውን ኣለዎ ኢለ ደምዲመ። ካብዚ ተግባር ክትኸስብ ትኽእል እንኮ ሰብ እንተላ፡ በዓላ'ዛ ጓል እያ ክትከውን ዘለዋ .... እንተ ደኣ ከም ኣደናጋሪት ወሲድናያ ማለተይ እዩ"

"ቀጽል እስከ"

"እንተኾነ ካብቲ ፍሉጥ መርማራይ ፍራንክ ቲሞንስ ተዘይተጸበኽዎ፡ እዛ ጓል ብሓቂ ጁልያ ስታንፎርድ ምኳና ዘረጋግጽ ኣሰር ኣጻብዕቲ ሒዙ መጺኡ። ከም መደናገሪት ክንስእላ ዝጸናሕና ጓል ብሓቂ ኣባል ስድራ ሄሪ ካብ ኮነት ክምለሳለይ ዘይከኣላ ሕቶታት፡ መን ንሬሳ ሄሪ ኩሚትዎ፡ ንምንታይ ምኽንያት'ከ ዝብላ እየን"

"መልሲ ክትረኽበለን ዝኽብዳ ሕቶታት እየን ዘለዋኻ። እንተ ግን ...."

ቴሌፎን ደወል ኣስመዐት። ስቲቭ ቴሌፎን ምስ ኣልዓለ ድምጺ ሰክረታሪት ቤት-ጽሕፈቶም ሰምዐ።

"ስቲቭ ኣብ ካልኣይ መስመር ናይ ቴሌፎን ጻውዒት ኣሎካ"

ስቲቭ ኣብ ቴሌፎኑ ምስ ካልኣይ መስመር ዘራኽቦ ቁጽሪ ጠወቀ። “ሄሎው ...”

“ኣቶ ስቲቭ .... ቴይለር እየ። ሎሚ ናይ ንግሆ ናብ ቪላ ሮዝ-ሂልስ ተትመጽእ ደስ ምበለኒ”

ስቲቭ መልሲ ቅድሚ ምሃቡ ኣብ ጎድኑ ተቐሚጡ ንዘሎ ፊትዝግራልድ ጠመቶ። “ሕራይ ጸገም የለን። ድሕሪ ሰዓት ኣቢለ ክመጽእ?”

“ጽቡቕ ... ክጽበየካ’የ። የቐንየለይ”

ስቲቭ ቴሌፎን ድሕሪ ምዕጻው “ናብ ቪላ ሮዝ-ሂልስ ክመጽእ ደልዮምኒ ኣለዉ” በሎ ንፊትዝግራልድ ጠሚቱ።

“እንታይ ደልዮም’ኮን ይኾኑ?”

“ሓፍቶም ም኿ና ካብ ኣረጋገጹ ብቅልጡፍ ጉዳይ ውርሻ ንከሳልጠሎም ክነግሩኒ ይኾኑ”

** ** **

“ሊም? .. ኣነ ቴይለር እየ። ከመይ ቀኒኻ?”

“ጽቡቕ”

“ብሓቂ ናፊቕካ”

ውሑዳት ካልኢታት ብዘይመልሲ ሓለፉ። “ኣነ’ውን ናፊቕካ ቴይለር” ደንጉየን ዝሰምዐን ቃላት ሊም ኣብ ሙሉእ ኣካላቱ ፍሉይ ሓይሊ ከም ዘለወን ፍስሃ ጨንጉዓሉ።

“ሊም ሓደ ብጣዕሚ ዘሕጉስ ዜና ኣሎኒ። እንተኾነ ኣብ ቴሌፎን ክነግረካ ኣይክእልን እየ። ግን ብሓቂ እየ ዝብለካ ንዓኻ ብጣዕሚ ዘሕጉሰካ ነገር’ዩ። ኣነን ንስኻን ኣብ ዝተራኸብናሉ ....”

“ቴይለር ሕጂ ነዊሕ ከዕልለካ ኣይክእልን እየ። ዝጽበየኒ ሰብ ኣሎ”

“ግን ሊም ...”

ቴይልር ዘረብኡ ከይወድአ መስመር ቴሌፎን ከም ዝትዓጸወ ዝሕብር ድምጺ ሰምዐ።

ኮፍ ካብ ዝበለሉ ከይተንሰአ ሓሰበ። *... ሰለ ዝፈትወኒ እዩ እንበር ናፊቀካ ኣይምበለንን።*

** ** **

ስቲቭ ብጀካ ዉዲን፡ ሰበይቱ ፔጊን ካልኦት ብሙሉኣም ስድራ ሄሪ ስታንፎርድ ምህላዎም ኣስተብሃለ።

ቴይለር ልዕሊ ካልኦት ዝተሓንሰ ይመስል ኣሎ።

ስቲቭ ንካንደል ጠመታ። ትሓስብ ዘላ እያ ትመስል። ኣብ ገጻ ጸጸኒሑ ዝቀያየር ዘሎ ምስሊ ቅሳነት ብዘይህብ ወጥሪ ትሕመስ ዘላ እዩ ዘምስላ። ንሓዳሽ ኣባል ስድራ ስታንፎርድ ጠመታ። ንሓድሽ ህይወታ ተረጋጊኣ ተስተማቕሮ ዘላ እያ ትመስል። ….. *ሚልዮናት ዶላራት ክትወርስ ምኟና ብዙሕ ዘደነቓ ኣይትመሰልን፡ ተረጋጊኣ ክትጸንሓኒ ኣይተጸበኹን። ኣብ ካልእ ህይወት ንዝነበረ ሚልዮናት ከም ዝረክብ ተዝነግርዎ ብታሕጓስ ምሞተ፡ ናይዚኣ ግን ….* በለ ስቲቭ ብሓሳቡ።

መኖም ንሬሳ ሄሪ ፍሒሩ ኣውጺእዎ ይኸውን …. ንኹሎም በብሓደ ጠመቶም።

ቴይለር ዘረባ ፈለመ “ስቲቭ … ብዛዕባ ሕግታት ዉርሻ ግዝኣት ኢሊኖይስ ኣፍልጦ እኳ ተሎኒ ምስ ግዝኣት ማሳቹሰትስ ክሳዕ ክንደይ ፍልልይ ከም ዘለዎም ክፈልጦ ግን ኣይከኣልኩን። ብዝኾነ መንገዲ ግን … ነዚ ናይ ዉርሻ መስርሓት ክነቀላጥፈሉ ንኽእለሉ መንገዲ ኣሎ ድዩ?”

“ንሕና’ውን ስቅ ኣይበልናን። መስርሕ ዉርሻ ንክሰልጥ ብዝተኻኣለና መጠን ንጽዕር ኢና ዘለና ቴይለር”

“ጉዳይና ኣብ ቤት-ፍርዲ ምጉታት ንከየጋጥሞ ናይ እንዳ ስታንፎርድ ምኟኑ ኣፍልጦ ተዝወሃቦም’ከ?”

ኣብዚኣ ጽቡቕ ኣለኻ … በለ ስቲቭ ብሓሳቡ። “ጽቡቕ ኣለኻ። ብወገነይ ዝተኻእለኒ ዘበለ ክገብር’የ። እቲ ምጽራይ …..” ክፉት ብዘሎ ማዕጾ እቲ ክፍሊ ድምጺ ክሰምዕ ብምጅማሩ ዘረብኡ ኣቋሪጹ ጠመተ።

“ኣንቲ ሸርሙጣ!! …. ሱቕ በሊ፡ ኣፍኪ ዕጸዊ ጥራይ!! ዝኾነት ቃል’ውን ክሰምዕ ኣይደልይን’የ፡ ይርድኣኪ ድዩ?”

ዉዲን ፔጊን ተመራረሐም ኣተዉ። ገጻ ሓቢጡ ሓንቲ ዓይና ብማህረምቲ ጸሊሙ ከም ዘሎ ስቲቭ ኣስተብሃለ።

“ከመይ ሓዲርኩም? … ተስፋ ይገብር ከይወዳእኩም ኣርኪብናኩም ክንከውን”

ካንደል ካብ ኮፍ ዝበለትሉ ተንሲኣ ናብ ፔጊ ቀረበት። “እንታይ ደኣ ኮይንኪ?” ኩላቶም ብድንጋጸ ጠመትዋ።

“ምስ መዓጾ’የ ተናጉጸ”

ዉዲ ተመዓራርዩ ኣብ ሳሎን ኮፍ ድሕሪ ምባሉ ፔጊ ስዒባቶ ኣብ ጥቁኡ ኮፍ በለት። ንኽምስል የእዳው ሰበይቱ እንዳደረዘ “ደሓን ዲኺ ጽብቅተይ?” ሓተታ ፍሽኽ እንዳበለ።

ፔጊ ርእሳ ብኣወንታ ነቕነቐት። “እሞ …” ቀጸለ ዉዲ ኣቃልቡኡ ናብቶም ካልኦት ብምግባር “እንታይ ኣሎ ከይሰማዕክዎ ዝሓለፈኒ ነገር?”

ቴይለር ነገራት ሓዉ ቅጫ ኣምጺኡሉ ነዲሩ እንዳጠመቶ “ውርሻ ብቅልጡፍ ክፍጸም መታን ከሳልጡልና እየ ክሓቶ ጸኒሐ” ብምባል መለሰሉ።

“ኣነ’ውን ከምኡ ተዝግበር ምሓሸ በሃላይ እየ” በለ ዉዲ ኣብ ጎኑ ኮፍ ኢላ ንዘላ ፔጊ እንዳጠመተ። “ገለ ሓደሽቲ ክዳውንቲ ክትክደኒ ደስ ምበለኪ ሙሽ ጽብቕተይ?!!”

“ኣየድልየንን እዩ” በለቶ ሕርቃና ገንፊሉ ቁጥዕ ኢላ።

“እወ ኣየድልየክን እዩ። ኣይነይቲ ምዝውዋር ትፈትዊ ዓይነት ኮይንኪ ኢኺ እሞ!!” ኢሉ ምስ ኣናሸዋ ኣፍጢጦም ናብ ዝጥምትዎ ዘለዉ የዒንቲ ቁሊሕ በለ። “ፔጊ ኣዝያ ሓፋር እያ። ንሱ ጥራይ ግን ዘይኮነ ክትዛረብ እውን ተፈተነት ዘሕፍር ነገር እዩ ዘለዋ፡ ከምኡ እንድዩ ሓቀይ?”

ፔጊ ቃላቱ ክትጻወሮ ብዘይምኽኣላ ብድድ ኢላ እንዳጎየየት ካብቲ ክፍሊ ወጽኣት።

“እስኪ ኩነታታ ከረጋግጽ” ካንደል ደድሕሪኣ ካብቲ ክፍሊ ወጽኣት።

ኣብ ቅድሜና ከምዚ ዝገበራ፡ ንበይኑ ኣብ ዝሾነሉ ምስ ሰበይቱ ከመይ ክሽውን እዩ? ….. ሓሰበ ስቲቭ ብዕድል ፔጊ እንዳሓዘነ።

“ምስ ፊትዝግራልድ ክንደይ ዓመት ብሓባር ሰሪሕካ?”

ከምዛ ወላሓደ ዘይገበረ ተረጋጊኡ ስለዝሓተቶ ስቲቭ ቅጭ ኣምጸኣሉ። “ሓሙሽተ ዓመት”

“ኣነ ግን ዝገርመኒ ብኽመይ ንኣቦይ ተጻዊርኩም ንኽንድኡ ዝኣክል ዓመታት ምስኡ ትሰርሑ ነይርኩም?!”

“ኣቦኻ ሓቂ ክዛረብ ኣዝዩ ኣሸጋሪ .... ማለት በዳሂ ሰብ እዩ ነይሩ” በሎ ስቲቭ ንዘውጽአን ቃላት እንዳተጠንቀቐ።

“ኣሸጋሪ? .... ኣቦይ እኮ ክልተ እግሪ ዘለዎ ሰይጣን ማለት እዩ። ንኩላትና ሳጓ ከም ዘውጸኣልና’ኸ ትፈልጥ’ዶ?”

“ደሓን ክሰምዖ ዝግበኣኒ ነገር ስለዘይኾነ ተዘይነገርካኒ ይመርጽ”

ዉዲ ፍሽኽ በለ። “ኖኖእ ጸገም የብሉን .... ሕማቅ ስም ይሃበና ድኣንበር ቢልዮናት ዶላራት ንሕማቅ በሰላ እኳ ዘሕዊ ዝበሃል”

ስቲቭ ክሰምዖ ስለ ዘይደለየ ካብ ኮፍ ዝበለሉ ተንሰኣ። “እሞ ... ካልእ ዝበሃል ነገር ተዘየለ ኣነ ክኸይድ”

** ** **

ካንደል ኣብ ሽቃቅ’ዶ ትህሉ ብምባል ምስ ኣተወት፡ ፔጊ ብዝሑል ማይ ዝጠልቀየ ጻዕዳ ጨርቂ ኣብ ዝሓበጠ ገጻ ኣጸጊዓ ኣብቲ ልሙጽ ባይታ ተኾርምያ ረኸበታ።

“ፔጊ? ደሓን ዲኺ?”

“ደሓን’የ ..... ኣብ ኣኼባ ስለ ዝረበሽናኩም ይቕሬታ”

“ይቕሬታ ትሓቲ ኣለኺ?!! ዝገበረኪ’ኮ ከሕርቕኪ እዩ ዝግባእ። ክንደይ ይገብር ምትህራም ካብ ዝጅምር?”

“ኣይሃረመንን” መለሰት ፔጊ ድርቕ ኢላ “ኣብ መዓጾ’የ ተናጉዐ”

ካንደል ናብ ፔጊ ቀሪባ ድንን ብምባል ኣብ ገጻ ንዘሎ በሰላን ሕበጥን ተመልከተት። “ፔጊ ንምንታይ እኺ ክትሓብእሉ ትፍትኒ? ከምኡ ክትገብሪ ኣይግባኣክን እዩ። ንዓኺ’ውን ዳሕራዩ ጽቡቕ ኣይከውንን እዩ”

ፔጊ ንካልኢታት ስቅታ መሪጻ መልሲ ከይሃበት ድሕሪ ምጽናሕ “ይግብኣኒ እንበር ካንደል” በለታ የሚንቲ ንዕልታ እንዳጠመተት።

“ሕራይ ንምንታይ?”

“ምኽንያቱ ስለዝፈትዎ ..... ንሱ’ውን ስለዝፈትወኒ። ከምዝፈትወኒ ከኣ ርግጸኛ እየ። ክትኣምንኒ ኣይትኽእልን ትኾነ ... ዉዲ ግን ጠባዩ ኩሉሻዕ ከምዚ ዝረኣኽዮ ኣይኮነን። ንሱ ኣብ ዘይኮነሉ እዋን ጥራይ እዩ ከምዚ ዝኸውን”

“ንሱ ኣብ ዘይኮነሉ?!! .... እሞ ሓሺሽ ኣብ ምውሳድ እዩ ዘሎ ማለትኪ እዩ”

“ኖኖእ!!”

“ፔጊ ...” ካንደል ክተወጻጽኣ ስለዝደልየት ኣቶኪራ ጠመተታ።

“ኖኖእ!!”

“ፔጊ ... ?” ካንደል ገጻ ጸወገት።

ፔጊ ንካልኢታት መልሲ ከይሃበት ጸንሐት። ፍርሒ እንዳተሰመዓ “እወ በቃ!!!” በለታ።

“መዓስ ጀሚሩ?”

“ድሕሪ መርዓና” ፔጊ የዒንታ ንብዓት ክቆጽሩ ጀመሩ። “ኩሉ ከኣ ብሰንኪ እዚ ስፖርት እዩ ኣጋጢሙ። ዉዲ ካብ ፈረስ ምስ ወደቀ ኣዝዩ ተሃስዩ ምንባሩ ትዝክሪ ኢኺ። ሕክምና ደቒሱሉ ኣብ ዝነበረ እዋን እዮም ከኣ ንቃንዝኡ ከህድኡሉ ዝኽእሉ መድሃኒታት ክህብዎ ዝጀመሩ። ጠንቂ ኩሉ እዞም ሓካይም እዮም ... ካንደል፡ ወልፊ ምግባሩ ናቱ ጌጋ ጥራይ ኣይኮነን። በዓሉ ብጽጋቡ ኣይተበገሰሉን። ኣብ ሆስፒታል ንዘጥረዮ ልምዲ ካብኡ ምስ ወጸ ሓሺሽ እንዳወሰደ ቀጺልዎ። ስለዚ ዝሃርመኒ ጸሊኡኒ ዘይኮነ እቲ ዝወስዶ ሓሺሽ ዘይንሱ ስለዝገብሮ እዩ”

“ፔጊ ስለ ኣምላኽ ክልምነኪ!! ... ዉዲ ሓገዝ የድልዮ ኣሎ? ንዓኺ’ከ ኣይርድኣክን ድዩ? ንበይንኺ ትገብርዮ ነገር የለን ፔጊ ... ውሉፍ ናይ ሓሺሽ ኮይኑ ኣሎ ማለት እኮ እዩ ..... እንታይ ዓይነት ሓሺሽ እዩ’ኽ ዝወስድ? ... ኮኬይን ድዩ?”

“ሄሮይን እዩ ዝወስድ”

“ሕጂ ኢና ዝጠፋእና!! ሄሮይን?? .... ስለምንታይ ግን ሕክምና ወይ ካልእ ዓይነት ሓገዝ ከምዝረክብ ዘይገበርኪ?”

“ፈቲነ’የ ካንደል። ማዕረ ክንደይ ከም ዝጸዓርኩሉ ግን ኣይትፈልጥለይን ኢኺ!! ኣብ ሰለስተ ሆስፒታላት ከም ዝኸይድ ገይረ” ፔጊ ዘሕለፈቶ ከልበትበት ተዘኪርዋ ርእሳ ነቕነቕት። “ተመሓይሹ ተባሂሉ ጽቡቕ ይጸንሕ እሞ ..... ደሓር ከኣ እንደገና ይጅምሮ። ከምዝረኣኽዎ ኣማራጺ የብሉን .... ፈትዩ ኣይኮነን ዝገብሮ ዘሎ”

ካንደል ንኽልቲኡ የእዳዋ ዘርጊሓ ሓቖፈታ። ፔጊ ኣብ ሑቕፊ ካንደል ኮይና ብብኽያት ክትንኽነኽ ጀመረት።

“ፔጊ ሓፍተይ .... ዘሕዝን’ዩ”

ፔጊ ንብዓታ ብምዕጉርታ እንዳዛረየ ፍሽኽ ክትብል ፈተነት። “ዉዲ ናተይ፡ ከም ዝሓውየለይ ርግጸኛ’የ። እቲ ዝወስዶ ዘሎ እንዳኸበዶ ኮይኑ እንበር ብዝተኻእሎ ዓቕሙ ይጽዕር’ዩ ዘሎ” ተስፋኣ ንዘሕለፍዎ ጥዑም እዋን ስለዘዘኻኸራ ገጻ ብሓንሳብ በርሀ። “መጀመርታ ዝተመርዓናሉ እዋን ሕጉስ፡ ምስኡ ክትከውን ኣዝዩ ባህ ዘብለካ ዓይነት ሰብ እዩ ነይሩ። ኩሉ ግዜ ምስ ሰሓቕናን ተሓጎስናን ኢና ኔርና ..... ህያባት ሒዙለይ ይመጽእ እሞ ሽዑ ....” የዒንታ መሊሰን ንብዓት ቋጸራ። “ካብ ልበይ እየ ዝፈትዎ ካንደል!!”

“ፔጊ ክሕግዘኪ ዝኽእል ነገር እንተሎ ሕጂ ንገርኒ”

“የቕንየለይ ካንደል” በለታ ፔጊ ድምጻ ትሒቱ።

ካንደል የእዳው ፔጊ ጨቢጣ “ካልእ መዓልቲ ብዛዕባ እዚ ጉዳይ ክንዘራረብ ኢና” ምስ በለታ ሮማዕ ኢላትሉ ካብ ዝጸንሐት ባይታ ተንሰኣት። ተሰናቢታታ ካብቲ ሽቃቅ ምስ ወጸኣት ሰብኣያን የሕዋታን ምስ ስቲቭ ተኣኪቦምሉ ናብ ዘለው ክፍሊ ኣምረሐት። ..... *ምሰ ዓበኹ ንፉዕ ኣትሌት ክሽውን እየ በሃላይ ዝነበረ ዉዲ፡ ኣብ መወዳእትኡ ከምዚ ኮይኑ ተሪፉ ....* ብኩነታት ሓዋ ሓዚና ክትሓስብ ጀመረት። ምስ ነብሳ እንዳተላዘበት ናብቲ ክፍሊ ክትኣቱ ምስ ቀረበት ክላርክ ደብዳቤ ሒዙ ናብኣ ገጹ ይመጽእ ምህላዉ ተዓዘበት።

“ከመይ ኣርፊድኪ ወይዘሮ ካንደል? ብተለኣኣኺ ናባኺ ዝመጽኦት ደብዳቤ እያ” ኢሉ ኣብ ኢዱ ንዝነበረት ደብዳቤ ኣረከባ።

ካንደል ዘይተጸበየቶ ኮይንዋ ነታ ደብዳቤ ጠመተታ። “መን ... ?” ምምጻእ እቲ ደብዳቤ ንዘሕደረላ ወጥሪ ከይፈልጥ ብምባል ርእሳ

ብኣወንታ ነቕኒቕ “የቕንየለይ ክላርክ” ኢላቶ ካብኡ ረሓቕት። እንዳፈርሐት ቀስ ጌራ ድሕሪ ምክፋት ንዝተጻሕፈ ትሕዝቶ ክተንብብ ምስ ጀመረት ገጻ ብሓንሳብ ድነ ተኸደነ።

“ሕጂ’ኸ እንታይ?!” በለት ብውሽጣ። ህርመት ልባ ክውስኽ ተረድኣ፡ርእሳ ክዞራ ጀመረ። ኣብ ጥቃኣ ንዘሎ ጠረጴዛ ብምሓዝ ነብሳ ክተረጋግእ ፈተነት። ግዴታ ኮይንዋ ድሕሪ ቁሩብ ደቓይቕ ገጻ ጠውሊጉ እንከሎ ተኣኻኪቦምሉ ናብ ዘለው ክፍሊ ኣተወት። ኣኼባ ተወዲኡ ሓፈሻዊ ዕላል ከዕልሉ ጽንሕዋ።

“ማርክ ..... ሓንሳብ’ዶ ከዘራርበካ?” ኸየስተብህሉላ ብዝተኻእላ መጠን ፍሽኽ ክትብል እንዳፈተነት፡ ንሰብኣያ ተዳሃየቶ።

ማርክ ንሰበይቱ ኣቶኪሩ ጠመታ።

“ድሓን ዲኺ?” ሓተታ ቴይለር።

“ደሓን’የ” ንይምሰል ፍሽኽ በለት።

ንማርክ ከምዛ ቆልዓ ብኢዱ እንዳሰሓበት መሪሓቶ ካብቲ ክፍሊ ድሕሪ ምውጻእ ናብ መደቀሲ ክፍሎም ደየቡ። ካንደል ቅድሚ ምዝራባ ንመዕጾ ክፍሎም ሸገጠት።

“እንታይ ድዩ ኣጋጢሙ?!!” ማርክ ሻቅሎትን ተርባጽን ተደማሚርዎ ሓተታ።

ካንደል ኣብ ክዳና ሓቢኣቶ ንዝጸንሐት ደብዳቤ ኣውጺኣ ንኽንብቦ ሃበቶ።

ዝኸበርኪ ወይዘሮ ካንደል ሬናዉድ

እንቋዕ ሓጎስኪ!! እንስሳ ዘገዳም ኣብ ምክንኻን ዝነጥፍ ማሕበርና ነዚ ዓቢ ሃብቲ ከም ዝበቓዕኪ ክፈልጥ ከሎ ዓቢ ሓጎስ ይስመየ። ኣብ ንጥፈታት ማሕበርና ንዘሎኪ ተገዳስነት እንዳድነቕና ከም መርኣያ ተወሳኺ ግብረ-ሰናይ ተግባራትኪ ዝኸውን ናይ ሓደ ሚልዮን ዶላር ፋይናንሳዊ ሓገዝ ኣብ ባንክ ዙሪች ዝርከብ ቁጽሪ ሕሳብና፡ ኣብ ውሽጢ እዘን ዓሰርተ መዓልታት ክተእትውልና ብትሕትና ንምሕጸን። ኣወንታዊ መልስኺ ኣብ ቀረባ መዓልታት ክንረክብ ንትስፎ።

“እዞም ድቓላታት!!” ማርክ ሕርቃኑ ምቁጽጻር ዝተሰኣኖ ይመስል ብዓውታ ተጻረፈ።

“ኣብዚ ከም ዘለኹ ብኽመይ ክፈልጡ ክኢሎም?” ካንደል ተወከሰቶ።

“ኣበይ ከም ዘለኺ ንኽፈልጡ ደኣ ጋዜጣ ኣልዒሎም ምንባብ ጥራይ እዩ ዘድልዮም። ... ስምዒ ካንደል ግን ከምዚ ንርእዮም ዘለና ሃብትና ጓሕጊሖም ከይወድኡ ዘቋርጹ ኣይመስሉን እዮም፡ ስለዚ ናብ እንዳ ፓሊስ ንሓብር”

“ኖእ!!” መለሰት ቀልጢፉ። “ድሕሪ እዚ ኹሉ ሕጂ ናብ ፓሊስ? ናብ ፓሊስ ምኻድ ማለት እንታይ ማለት ምኸኑ ትፈልጥ ዲኻ? ናትና ነገር መወዳእታ ማለት እኳ እዩ። .... ናይ ኩሉ ነገርና መውዳእታ ማለት እዩ ... ይርድኣካ ድዩ?”

ማርክ ንጭንቀታ ተረዲኡ ቀሪቡ ሓቖፉ። “ደሓን ሕራይ .... ጥራይ ኣይትጨነቐለይ፡ ዝኾነ ኣማራጺ ኢልና ዝረኸብናዮ ክንገብር ኢና”

ካንደል፡ ቃላት ሰብኣያ ካብ ተስፉ ዘይሓልፉ ምኸነን’ኳ ተፈለጠት ኣጥቢቓ ሓቒፉቶ ብዕድላ ክተማርር ጀመረት።

** ** **

እዚ ሕጂ ኣደዳ ጭንቀትን ወጥርን ንኽትኸውን ዝገበራ ሓደጋ መኪና፡ ቅድሚ ቅሩብ ኣዋርሕ እዩ ኣጋጢምዋ። ካንደል ኣብታ ተካል መዓልቲ፡ ኣብ ሬድገፊልድ-ኮነክትከት ናብ ትቅመጥ መሓዝኣ ልደት ክተብዕል ኢላ እያ ገይሻ። ንነዊሕ ዓመታት ዘይረኸበቶም መማህርታ ከም ዝጸንሕዋ ትፈልጥ ብምንባራ ምሒር ተሃንጥያ እያ ናብቲ ጽንብል ዝበጽሐት። ኣዝዩ ደስ ዘብል ናይ ምዝንጋዕ ምሸት እዩ ነይሩ። ምስቶም ካብ ዘይትርእዮም ዓመታት ዝገበረት ነባራት የዕሩኽታ ከይተረድኣ ብዙሕ ኣዕለለት። ምምሳዩ ዝተረድኣ ካልኣይቲ ንዝቐድሓታ ሻምፓኝ እንዳመዓጎት ከላ እዩ። *“እውይ!! .... መሰዩ’ባ እዩ። ማርክ ይጽበየኒ ኣሎ። ሕጂ ክሽይድ ኣሎኒ!!”* በለት ብተርባጽ።

ምስ ኩሎም ጽቡቕ ገይራ ናይ ደሓን ኣምስዩ ሰላምታ ድሕሪ ምልውዋጥ፡ ኣብ መኪንናኣ ኣትያ ጉዕዞኣ ጀመረት። መታን ቀልጢፉ ንኽትበጽሕ ናብ ከተማ ኒው-ዮርክ ንዘእቱ ቀንዲ ጽርግያ ሓዲጋ

ብማእከል ሓንቲ ገጠራዊት ከተማ ሰንጢቁ ንዝሓልፍ ኣቋራጭ መንገዲ ተጠቒማ ኣብ ሰዓት ሰማንያ ኪሎ-ሜትር ክትሕንበብ ጀመረት። ብኽንድኡ ዝኣክል ፍጥነት እንዳተጓዓዘት ከላ ከኣ እያ ኣብ መጥወይ ጎዳና ንመኪናኣ ቅሩብ ኣዝሒላ ምስ ተዓጽፈት ኣብ የማናይ ወገን ጽርግያ ዝተዓሸገት መኪና ዝረኣየት። ካንደል ብቕጽበት ስቴርሶ ብምጥዋይ ናብ ጸጋማይ ወገን ጽርግያ ተጸግዐት። ሓንቲ ዕንባባታት ዝሓዘት ሰበይቲ ጽርግያ እንዳሰገረት ህሩግ በለታ። ምስቲ ዝነበራ ፍጥነት ንመኪናኣ ተቆጻጺራ ክተድሕና ኣይከኣለትን። ብጸጋማይ ጎድኒ መኪና ገጨወታ። ካንደል ኣብታ ህሞት ዝሰምዓቶ ጎንጺ ፍጹም ካብ የእምሮኣ ክሃሰላ ኣይከኣለን።

ንፍሬኖ መኪናኣ ብቅጽበት ሙሉእ ስለ ዝረገጸቶ ተሽከርካሪታ ብርቱዕ ድምጺ ኣስሚዓ ደው በለት። ካብ መኪናኣ ከይወረደት ስቴርሶ መኪና ጨቢጣ ክተንፈጥፍጥ ጀመረት። ድሕሪ ካልኢታት መዓጾ መኪናኣ ከፊታ ናብታ ሰበይቲ ጎየየት። ብደም ጨቅያ ጸንሓታ።

ካብ ክቱር ስንባደ ትገብሮ ጠፊእዋ ከም ዓንዲ ጨው ኣብ ዘላቶ ደሪቃ ተረፈት። ድሕሪ ቁሩብ ደቓይቕ ውኒኣ ምስ ተመልሰላ ብኣፍ ልባ ተደፊኣ ምንቅስቃስ ንዘይተርኢ ዘላ ሰበይቲ ቀስ ጌይራ ገልበጠታ።

“እውይ ኣነ!! ....”

ካንደል ህይወት ንዘይብለን የሚንቲ’ታ ሰበይቲ ምስ ጠመተት ኣዝያ ሰንበደት። ተንበርኺካትሉ ካብ ዘላ ከይተንሰኣት የማነ-ጸጋም መኣዝናት ጽርግያ ጠመተት። ብጀካ መኪናኣ ካልእ ከም ዘየለ ኣረጋገጸት። ..... *ምይታ’ያ* ... ካንደል ኣንታይ ክትገብር ከም ዘለዋ ሓሰበት። ... *ናተይ ጌጋ ኣይኮነን። ፓሊስ እንተመጺኡም ንዓይ እዮም ብሸለልትነት ክኽሱኒ። ደመይ እውን እንተደኣ መርሚሮም ኣልኮል ክረኽቡለይ ሰለ ዝኾኑ ክእሰር እየ!!*

ንምውቲ ንመወዳእታ ግዜ ድሕሪ ምርኣይ ናብ መኪናኣ እንዳጎየየት ተመለሰት። ቅድሚ ናብ ውሽጢ መኪናኣ ምእታዋ ንመዋቲት ዝሃረመትሉ ጸጋማይ ወገን መኪናኣ ኣስተብሃለትሉ። ብሰንኪ እቲ ጎንጺ ቁሩብ ምጭፍላቁን ዝተጸየቀ ደም ከም ዘሎን ተዓዘበት። ....

ተቐላጢፈ ንመኪናይ ናብ ጋራጅ የእትየ ክዕርያ ኣሎኒ .... ሓሰበት ካንደል። ... ፓሊስ ናይ ሓደጋ ምልክት ንዘለዋ መኪና ምድላዮም ኣይተርፍን እዩ፡ ቀልጢፈ ክዕርያ ኣሎኒ!!

ዝተረፈ ጉዕዞኣ ናይ ፓሊስ መኪና ይከታተልዋ ከይህልዉ ብስፔክዮ ቁሊሕ እንዳበለት ዛዘመቶ። ኒው-ዮርክ ምስ ኣተወት ንመኪናኣ ቁሩብ ኣርሒቃ ድሕሪ ምዕሻግ፡ ብእግራ ፈላጢኣ ሳም ናብ ዝውንኖ ጋራጅ ኣተወት። ሳምን ካልኣዩ መካኒክ ዝኾነ ሬድን ብዛዕባ ስርሑም ክዘራረቡ ጸንሕዋ።

“ከመይ ኣምሲኺ ወይዘሮ ሬናዉድ” ሳም ቀዲሙ ሰላምታ ሓበ።

“ከመይ ተምሲ”

“መኪናኺ ክትዕሽጊ ዲኺ ደሊኺ?”

“እ .. እወ። ክ .. ክዕሽጋ’የ ደልየ እወ”

ሰለስቲኦም መኪናኣ ናብ ዝዓሸገትሉ ሰዓሙ። ሬድ ጸጋማይ ቅድሚት እታ መኪና ጭፍላቅ ከም ዘለዎ ተዓዘበ።

“ወይዘሮ ካንደል ሕማቅ ጎንጺ ኣጋጢሙኪ ኣሎ መስለኒ። ጭፍላቅ ኣለዋ። እንታይ እዩ እዚ? .... ደም ተጸይቑ ኣሎ መስለኒ” መልሲ ንኽረክብ ንካንደል ጠመታ።

ካንደል ብምሒር ጭንቀት ዓሚቕ ትንፋስ ስሒባ ኣስተንፈሰት። “እዚኣ ጭፍላቅ ዲኹም? ... ሓንቲ ዓጋዝየን ሃንደበት ምስ ኣተወትኒ ኣማራጺ ኣይነበረንን፡ መስክነይቲ ዓጋዝየን፡ ናይዚ ጭፍላቅሲ ደሓን’ዩ ነይሩ ናታ ነገር ግን ....”

“ዓጋዝየን?? .... ግን ዓጋዝየን ዓባይ ምስ ምኳና ዕድለኛ ኢኺ” በላ ሳም “ሓደ ዓርከይ ነይሩ፡ ከምዚ ናትኪ ኣብ መንገዲ ዓጋዝየን ኣጓኒፉዎ ምስ ሃረማ መኪንኡ ብጣዕሚ እያ ተሃስያ”

“እሱስ ሓቅኻ። ... እሞ .... ሎሚ ምሸት መኪናይ ኣብ ጋራጅካ ተትሓድር ደስ ምበለኒ” ካንደል ብጭንቀት ተዋጢራ ምትሕብባሩ ሓተተት።

“ጸገም የለን”

ቁሩብ እፎይታ ተሰሚዕዋ ናብ መዓጾ ጋራጅ ገጻ ሰጎመት። ምቅሳን ስኢና ንድሕሪት ቁሊሕ እንተበለት ግን ክልቲኦም መካኒካት ደኒኖም

ኣብ መኪናኣ ንዘሎ ህራም ይርእዩ ከም ዘለዉ ተዓዘበት። ..... *ጠርጢሮምኒ'ዶ ይኾኑ? ኦሮማይ ክፍለጥ እየ ....*

** ** **

ካንደል ገዛ ምስ ኣተወት፡ ንዘጋጠማ ዘሕዝንን ዘፍርሕን ሓደጋ ንሰብኣያ ክትነግሮ ጀመረት። ማርክ ካብቲ ንሳ ዘላቶ ፍርሒን ጭንቀትን ዘይንእስ ራዕዲ እንዳተሰምዖ ንሰበይቱ ካንደል ሓቂፉ "ብኽመይ ግን ... ብኽመይ ?" ብምባል እንዳንፈጥፈጠ ነቲ ዘሰንብድ ሓደጋ ዘጋጠመሉ ምኽንያት ሓተታ።

ካንደል ክትነብዕ ጀመረት። "ክገብሮ ዝኽእል ነገር ኣይነበረን። ሰበይቲ ከየረጋገጸት ክትሰግር ከላ እያ ኣትያትኒ። በቲ ምሸት እቲ ፍዮሪታት ክትቅንጥስ እያ ጸኒሓ መስለኒ ክትሰግር ...."

"ሸሸ!! ... ርግጸኛ'የ ናትኪ ጌጋ ዘይምኽኑ። እንተኾነ ሓደጋ ብምኽኑ ፓሊስ ክሕበሩ ኣለዋም"

"ማርክ ንፓሊስ ክነግር ከም ዝግብኣኒ እኮ ኣይጠፍኣንን። .... እንተኾነ ሸዓ ናብዚ ከይመጻእኹ ከለኹ ክገብሮ ነይሩኒ። ነታ ሰበይቲ ሞይታ ምስ ረኣኽዋ ዝገብሮ ነገር ሓርቢቱኒ እንታይ ከምኡ ከም ዝሓስብ ዝገበረኒ እውን እንድዒ ሃዲመ። ማርክ ... ተትርእያ ኔርካ፡ እንታይ ዓይነት ኣሰቃቒ ኣማውታ እያ ሞይታ ኣንታ ኣምላክ!! ..... እንታይ መዓት'ዩ እዚ!!"

ማርክ ብኽያታ ክሳዕ ተቋርጽ ኣብ ኣፍ-ልቡ ኣጸጊዑ ሓቒፍዋ ስቅ በለ። ካንደል ኣምሪራ ክትበኪ ድሕሪ ምጽናሕ ካብ ዘማሙቕ ሕቑፉ ከይወጽኣት ኣንቃዕሪራ ጠመተቶ። "ማርክ ..... ግድነት ናብ ፓሊስ ምሕባር የድልየና ድዩ?"

"ከመይ ማለትኪ'ዩ የድልየና ድዩ ክትብሊ ከለኺ?"

"ኦሮማይ ኩሉ ነገር ኮይኑ እዩ። ሕጂ ነታ ሰበይቲ ናብ ህይወት ንመልሰሉ ዕድል የለን። ኣነ ከኣ ነዚ ሓደጋ ብሸለልትነት ወይ ብፍላጥ ዝፈጽምክዎ ነገር ኣይኮነን። እንታይ ጽቡቕ ነገር ክመጽእ እዩ እሞ ፓሊስ ንዓይ ናብ ማእሰርቲ እንተለኣኽኒ? .... ንምንታይ እዚ ነገር ከም ዘየጋጠመ ጌርና ዘይንርስዖ?"

"ካንደል ... ፓሊስ ነዚ ጉዳይ እንተደኣ በጺሖሞ'ኸ?"

“ብኽመይ እሞ ክበጽሕዎ ይኽእሉ? ዝረኣየኒ ሰብ ኣይነበረን”

“ሕራይ ደሓን ሰብ ኣይረኣየክን .... መኪናኺ’ከ? ጭፍላቅ ኣለዋ ድዩ?”

“ቅሩብ ጭፍላቅ ኣለዋ። እንተኾነ ንሳምን መሳርሕቱን ኣብ መንገዲ ዓጋዝየን ኣትያትኒ ኢለ እየ ነጊረዮም። .... ማርክ በጃኻ ሕራይ በለኒ!! ኣነ ናብ ቤት-ማእሰርቲ እንተደኣ ኣትየ እንታይ ማለት ምኻኑ ትፈልጥ እንዲኻ? .... ነቲ ሙሉእ ህይወትይ ጽሪረ ዝበጻሕኩዎ ሞያይ ክስእኖ እየ፡ ብሰንኪ እዚ ወዝቢ ሓደጋዚ ንኹሉ ነገር ክስእኖ እየ ማለት እዩ ማርክ!!” ካንደል ክትበኪ ጀመረት።

ማርክ ኣጥቢቑ ሓቖፋ። “ሸሸ!! ... ደሓን እቲ ዝሓይሸ ዝበልናዮ ክንገብር ኢና። ኣይትብከዩ ጥራይ!!”

** ** **

ንጽባሒታ ንግሆ ጋዜጣታት ኒው-ዮርክ ብዛዕባ እቲ ሓደጋ ጺሒፈን ተሓትማ። እቲ ሓደጋ ብቀንዱ ኣቓልቦ ማዕከናት ዜና ከም ዝስሕብ ዝገበሮ መዋቲት ናብ ከተማ ኒው-ዮርክ፡ ማንሃታን ዝበሃል ቦታ ንኽትምርያ ትጓዓዝ ምንባራ ስለዝተፈልጠ እዩ። ጋዜጣ ኒው-ዮርክ ታይምስ፡ ነቲ ዘሕዝን ፍጻሜ ኣብ ቀዳማይ ገጽ ሸፋነ ሃበቶ። ካልኦት ኣዝየን ተፈተውቲ ዝኾና ጋዜጣታት ዴይሊ-ኒውስ ከምኡ’ውን ኒውስ-ደይ ልቢ ሰብ ዝሰብር ዘሕዝን ዛንታ ጌይረን ጺሒፈን ኣውጽኦኡ።

ካንደል ንኹለን ህቡባት ዝበሃላ ጋዜጣታት ገዚኣ ምስ ኣንበበተን በቲ ድሒራ ዝፈጸመቶ ተግባር ካብ ዝጸንሓቶ ዝባኣሰ ፍርሒ ክስመዓ ጀመረ። የእምሮኣ ብእንተታት መልኡ።

..... ናብ መሓዛይ ልደት እንተዘይከይድ ነይረ .....

..... እንታይ ኮን ነይሩ ብኻ ሸዓ መዓልቲ ካብ ገዛ ተዘይወጽእ .....

..... መስተ ተዘይጥዕም ነይረ ንፖሊስ ኢደይ ሂበ ሓቕነተይ ንኽረጋገጽ ምደፈርኩ ነይረ ....

..... እታ ሰበይቲ ቅድሚ ቁሩብ ካልኢታት ሰጊራ ተትኸውን ....

..... ሰብ ብምቕታለይ ዝሕተት በዓለይ እየ!!

ንስድራኣ ከምኡ’ውን ንሕጹያ ብቕንዱ ዘስዓበትሎም ሓዘን ምስ ተራእያ፡ ብጭንቀት ትገብሮ ጠፍኣ። ፖሊስ ከተማ ኒው-ዮርክ ካብ

ዝኾነ ሰብ ሓጋዚ ሓበሬታ ንኽቅበሉ ይጽበዩ ከም ዘለው ዝገልጽ ጽሑፍ ምስ ኣንበበት ብራዕዲ ክተንፈጥፍጥ ጀመረት።

ክፈልጡኒ ዝኽእሉሉ መንገዲ ፍጹም የለን!! .... ሓሰበት። ..... ጥራይ ዝኾነ ነገር ከም ዘየጋጠመኒ ንነብሰይ ከረጋግኣ ኣሎኒ!! ካብሕጂ ኩሉ ምንቕስቓሳተይ ተጠንቂቐ ክፍጽም ኣሎኒ!!

** ** **

ካንደል መኪናኣ ንኽተውጽእ ናብ ጋራጅ ምስ ከደት ሬድ ንበይኑ ጸንሓ።

“ክዕሽጋ ጥራይ ስለዝበልክኒ ነቲ ዝተጸየቐ ደም ጥራይ ኣጽርየልኪ ኣለኹ። ነቲ ጭፍላቅ ከዐርየልኪ ትደልዩ ዲኺ?” ሓተታ ሬድ ሰላምታ ድሕሪ ምልውዋጦም።

“እወ” መለሰት ካንደል የዚንቱ ኣትኪለን ይጥምታኣ ከም ዘለዋ ምስ ተዓዘበት ፍርሒ ክስመዓ እንዳጀመረ።

“ኣነን ሳምን ትማሊ ምሸት ክንዘራረብ ኢና ኣምሲና” በላ ሬድ። “እቲ ዝገረመና ግን ... ናይዚ ህራምኪ ነገር ዓጋዝየን ተዝኸውን ነይሩ እቲ ሃስያ ካብዚ ንላዕሊ ምኾነ ነይሩ ኢልና ገሚትና”

ህርመት ልባ ብቕጽበት ወሰኸ። ሃንደበት ከንፈራን ጉሮሮኣን ነቐጹ ምዝራብ ዝኸልኣ ዘሎ ኮይኑ ተሰምዓ።

“ሓንቲ .... ንእስ ዝበለት ዓጋዝየን እያ ነይራ”

“ኣዝያ ንኢሽቶ ዓጋዝየን ክትከውን ኣለዋ እምበር!!” በላ ፍሽኽ እንዳበለ።

ኣብ መኪናኣ ንዝነበረ ህራም ጊዜ ከይወሰደ ኣዕረየላ። ዝኽፈል ሕሳባ ዓጽያ ንሞተር መኪናኣ ኣተንሲኣ ካብቲ ጋራጅ ክተውጽእ ከላ ሬድ ዓይኒ-ዓይና ይጥምታ ከም ዘሎ ኣስተብሃለት። *.... እንታይኮን ይሓስብ ይህሉ?*

** ** **

ካንደል ናብ ቤት-ጽሕፈታ ምስ ኣተወት ሰክረታሪት ናዚን ብኩነታት ሓለቃኣ ተጠራጠራ ኣቶኪራ ጠመተታ።

“እንታይ ኮይንኪ ኣለኺ ካንደል?”

ካንደል ሕቶ ናዲን ኣሰንበዳ። “እንታይ ኮይነ ኣለኹ ድየ .... እንታይ ማለትኪ’ዩ?”

“እንድዒ ዝደኸምክን ዝፈዘዝክን ትመስሊ .... ቡን ከምጽኣልኪ?”

“ይሓይሸ’ዶ? ሕራይ ኣምጽእለይ!”

ናዲን ምስ ወጽኣት ካንደል ናብ መስትያት ቀሪባ መልክዖ ተመልከተት። *.... ካብ ገጻይ እንታይ ከም ዝገበርኩ ከንብቡ እዮም!! ....* ሓሰበት ብፍርሒ ተዋሒጣ።

ናዲን ቡን ሒዛ ተመልሰት። “እስኪ በሊ ... እዚ የበራብረኪ ይኸውን’ዩ። ግን ርግጸኛ ድሓን ኢኺ ዘለኺ?”

“ደሓን’የ .... ትማሊ ቅሩብ ሓደጋ ኣጋጢሙኒ ነይሩ” ካንደል ከይተረድኣ ዘይሓሰበቶ ቃል ኣሙለቀት።

“እውይ!! እሞ ዝተጎድኣ ሰብ ኣሎ ድዩ?”

ኣብ የእምሮኣ ምስሊ’ታ ብደም ዝጨቀወት ሰበይቲ ተራእያ።

“ኖኖእ .... ዓጋዝየን እየ ሃሪመ!!”

“እሞ መኪና’ኺ’ከ ደሓን ድያ?”

“ደሓን’ያ ቁሩብ ህራም ጥራይ ጌይራ ነይራ እንተኾነ ሕጂ ግን ተዓርያ እያ”

“እዋይ ካንደል ... በሊ ንኢንሹራንስ ክድውለሎም”

“ደሓን ኣይትደውልሎም!!”

ናዲን ዘይተጸበየቶ ብምስማዓ ኩነታት ካንደል ክተረጋግጽ ተገሪማ ጠመተታ።

** ** **

ካንደል ፈላሚት ደብዳቤኣ ድሕሪ ክልተ መዓልቲ ኣብ ስርሓ እንከላ ተቐበለት።

ዝኾበርኪ ወይዘሮ ሬናዉድ

ኣነ ኣካያዲ ስራሕ ማሕበር ምክንኻን እንስሳ ዘገዳም እየ። ኣብዚ ሕጂ እዋን ከኣ ማሕበርና ግድነታዊ ዝኾነ ገንዘባዊ ሓገዝ ከም ዘድልዮ ክሕብረኪ ይፈቱ። ርግጸኛ እየ ንዓና ንምሕጋዝ ልባዊ ድሌት ከም ዘለኪ። ማሕበርና ንእንስሳታት ዘገዳም ክከናኸንን ክዕቅብን

ፋይናንሳዊ ሓገዝ የድልዮ ኣሎ። ዓጋዝየን ብማሕበርና ንምዕቃቦም ቀንዲ ኣድህቦ ካብ ዝተዋህቦም እንስሳታት ዘገዳም እዩ። ነቲ ገንዘብ ናብ ቁጽሪ ሕሳብ 804072-A፡ ባንክ ስዊዝ ክተእትውልና ብትሕትና ንሓትት። ብወገነይ ንመጠን ገንዘብ ኣብ ውሽጢ ሓሙሽተ መዓልታት ኣሰጋጊርኪ ተወዳእኪ ዝሓሸ ከም ዝኸውን ክዘኻኽረኪ ይፈቱ።

ደብዳቤ ዝኾነ ስምን ፈርማን የብሉን። ካንደል ብቋንቋ እንግሊዝ ኣብ ዝተጻሕፈ ደብዳቤ ንዘለዋ “E” ፊደላት ከም ርዱእ ኣብ ሞንጎ ቃላት ብሙኂነን ክተንብበን ክኢላ እንበር ብሙሉእን ግቡእ ቅርጸን ዘይሓለዋን ሰባራት ኮይነን ደብዚዘን ዝተሓትማን ነበራ። ንደብዳቤ መሊሳ ኣንበበቶ። ነዛ መፈራርሒት ደብዳቤ ጽሒፉ ዝሰደደላ ሰብ ኣብታ ዝተረገመት ለይቲ እንታይ ከም ዘጋጠማ ኣነጺሩ ዝፈልጥ ምኸኑ ካብ ትሕዝቶ እቲ ደብዳቤ ክትግንዘብ ከኣለት።

እንታይ ክትገብር ከም ዘለዋ ጨኒቕዋ ክተኹድድ ጀመረት። …. *ማርክ ሓቁ እዩ ሂይሩ … ሓሰበት። …. ናብ ፖሊስ ክኸይድ ሂይሩኒ።* ካብ ጭንቀት ዝተላዕለ ከምኡ’ኳ እንተሓሰበት ናብ ፖሊስ ኢድ ምሃብ ማለት ማእሰርትን ተነጽሎን ምዕዳም ምኸኑ ኣዳዕዲዓ ትፈልጥ እያ። እዚ ጥራይ ከይኣክል ሙሉእ ህይወታ ንዘደኸመትሉ ተፍቅሮ ሞያኣ ክትስእኖ እውን እያ።

እዋን ምሳሕ ብምእኻሉ ካብ ቤት-ጽሕፈታ ወጺኣ ናብ ባንክ ኣምረሐት።

“ናብ ሲዊዘርላንድ ናይ ሓምሳ ሺሕ ዶላር ተንቀሳቃሲ ሕሳብ ክገብር ደልየ ኣለኹ”

** ** **

ምሸት ካብ ስርሓ ወጺኣ ንገዛ ምስ ተመለሰት ንሰብኣያ ኣርኣየቶ። ማርክ ምስ ኣንበቦ ርእሱ ከም ዘንጸራረዎ ኣብ ዓራቶም ሮሞቅ ኢሉ ኮፍ በለ። “መን … መን ክሰዶ ይኽእል ነዚ?”

“ወላሓደ ዝረኣየኒ ሰብ እኮ ኣይንበረን” ካንደል ባእባእ በለት።

“ካንደል ሓደ ሰብ ይፈልጥ እዩ” በላ ማርክ ነታ ደብዳቤ እንዳርኣያ።

“ሰብ ኣይነበረን ሙሽ ይብለካ ኣለኹ። ኣነን እታ ሰበይቲን ....” ካንደል ነብሳ ከንፈጥፍጥ ጀመረ።

“ሓንሳብ ..... ደሓን ኩሉ ዘጋጠመኪ ቀስ ኢልኪ እሞ ንገርኒ ብዛዕባ እዚ ጉዳይ መን ከም ዝፈልጥ ክንረኽቦ ኢና። ብፍላይ ኒው-ዮርክ ምስ ኣተኺ ዝገበርክዮ ነገር ብብሓደ ንገርኒ”

“እንታይ እሞ ጌይረ?!! ..... ንሽዓ ለይቲ ንመኪናይ ኣብ ሓደ እንዳ ጋራጅ ዓሺገያ፡ ሽዑ ....” ካንደል ተዘከራ። *... ወይዘሮ ካንደል ኣብዚኣ ሕማቅ ጎንጺ ኣጋጢሙኪ ኣሎ መስለኒ። ጭፍላቅ ኣለዋ። እንታይ እዩ እዚ? .... ደም ተጻይቹ ኣሎ መሰለኒ*

“ሽዑ እንታይ?”

“ዋና’ቲ ጋራጅን መሳርሕቱን ጸኒሖምኒ። ኣብ መኪናይ ዝተጸየቀ ደም ርእዮም ምስ ሓተቱኒ ዓጋዝየን ከም ዝሃረምኩ ነጊረዮም። ግን ... ዓጋዝየን ተትኽውን ነይራ ካብዚ ዝዓቢ ጭፍላቕ መስዓበትልኪ ኢሎምኒ ነይሮም” ካልእ ነገር ዘከረት .... “ማርክ?!”

“ኣቤት?”

“ናዲን እታ ናተይ ሰክረታሪ፡ .... ተመሳሳሊ ነገር’ኳ ተነገርክዋ ኣብ ገጻ ናይ ምጥርጣር ምስሊ ርእየላ ነይረ። ስለዚ ነዛ ደብዳቤ ዝሰደደ ካብ ሰለስቲኦም ሓደ ክኸውን ኣለዎ”

“ኣይመስለንን!!”

“ከመይ ማለትካ’ዩ ኣይመስለንን?”

“ኮፍ እሞ በሊ ንሓሳበይ ጽን ኢልኪ ስምዕኒ። ካብዞም ሰለስተ ዝበልክኒ እንታይ ከም ዘጋጠመኪ ርግጸኛ ዝኾነ ሰብ ተዝነብር ነይሩ፡ ንዝቐርቦ ሰብ ምተዛረበ ወይ መዕለሎ። ሕጂ ግን እቲ ሓደጋ ኣብ ኩሉ ጋዜጣታት ወጺኡ ብምህላዉ፡ እዞም ሰለስተ ዝነገርክኒ ይኾኑ ወይ ካልኦት ንዓኺ ብምጥርጣር ነዛ ደብዳቤ ሰዲዶምልኪ ኣለዉ በሃላይ እየ። ካብ ጋዜጣን ቴሌቭዥንን ብዛዕባ እቲ ሓደጋ ምስ ፈለጡ፡ ንስኺ ምኳንኪ ንከረጋግጹ እዮም ነዛ ደብዳቤ ሰዲዶምልኪ ዝኾኑ። ንስኺ

ከኣ ከምታ ዝበሉኺ ገንዘብ ብምስዳድኪ እቲ ዝዓበየ ጌጋ ኢኺ ፈጺምኪ”

“ንምንታይ?”

“ምኽንያቱ ሕጂ ጥርጣረን ግምትን ጥራይ ዘይኮነ ክህልዎም ፈሪሕኪ ገንዘብ ብምስዳድኪ ፈጻሚት ገበን ምኺንኪ መረጋገጺ ረኺቦም ኣለው”

“ኣንታ ኣምላኽ!! ... ሕጂ እንታይ ክገብር?”

ማርክ ሬናውድ ንካልኢታት መልሲ ከይሃባ ሓሰበ። “ደሓን በኽመይ ከም ንረኽቦም ብልሓት ረኺበ ኣለኹ”

** ** **

ንጽባሒታ ሰዓት ዓሰርተ ናይ ንግሆ ካንደልን ሰብኣያ ማርክ ናብ ቤት ጽሕፈት ፕሬዚደንት ባንክ ማንሓታን ሴኪዩሪቲ ኣተዉ።

“እንታይ ነይሩ ጉዳይ መምጺኢኹም?” ሓተቶ ኣቶ ጊቦንስ።

“ብዛዕባ ሓደ ንፈልጦ ቁጽሪ ሕሳብ ስዊዝ ባንክ ኢና ክንሓትት ደሊና” መለሰ ማርክ ብህድኣት።

“ንምንታይ?”

“ናይ መን ምኺኑ ክንፈልጥ ስለዝደለና”

ጊቦንስ ብየማነይቲ ኢዱ ንመንኮሱ እንዳደረዘ፡ ኣብ ቅድሚኡ ኮፍ ኢሎም ንዘለው ሰብኣይን ሰበይትን ኣቶኪሩ ጠመቶም። “ዝኾነ ዝተፈጸመ ገበን ኣሎ ድዩ?”

ማርክ “ኖኖእ!! ... ገበን? ... ንምንታይ ደኣ ከምኡ ኢልካ ሓቲትካ?” ተቀላጢፉ መሊሱ ሓተቶ።

“ባንክ ስዊዝ ናይ ተገልገልቱ መንነት ዘፍልጥ፡ እንተ ደኣ ገበን ከም ዝተፈጸመ ዘረጋግጽ ጭብጢ ረኺቡ ጥራይ እዩ። ተዘይኮይኑ ስዊዝ ባንክ ንመንነት ወናኒ ሕሳብ ባንክ ብፍጹም ኣይገልጽን እዩ። እቲ ባንክ እኮ ቀንዲ ተፈታውነቱን ተፈላጥነቱን ንምስጢር ተገልገልቱ ስለ ዝዕቅብ እዩ ተጎናጺፍዎ”

“ግን እሞ ብዝኾነ ምኽንያት ወይ መንገዲ ....”

“ኣይትሓዘለይ ደኣ እንበር ትሓቶ ዘለኻ ክፍጸም ዘይከኣል ነገር እዩ”

ኣቶ ጊቦንስ ክልቲኦም ሰብ ሓዳር ንሓድሕዶም ክጠማመቱ እንከለዉ ተዓዘበ።

ማርክ ካብ ኮፍ ዝበሎ ተንሰኣ። “የቕንየለይ ኣቶ ጊቦንስ”

“ይቕሬታ ክሕግዘኩም ብዘይምኽኣለይ” ጊቦንስ ካብ ተሸከርካሪት መንበር ተንሲኡ ንኽብረቶም ክብል ንመዓጾ ቤት-ጽሕፈቱ ከፈተሎም።

** ** **

ኣማስያ ካንደል ብመኪናኣ ናብ ጋራጅ ሳም በጽሐት። ጋራጅ ተኸፊቱ ሰለ ዝጸንሓ ንመኪናኣ ኣብ ውሽጢ ጋራጅ ድሕሪ ምዕሻግ እንተተዳሃየት ክልቲኦም ከም ዘየለው ኣረጋገጸት። ንመኪናኣ ዓጽያ ካብቲ ጋራጅ ክትወጽእ እንዳበለት ከላ፡ ኣጋጣሚ ናይ ጽሕፈት መኪና ኣብ ጠረጴዛ ቤት-ጽሕፈት ናይቲ ጋራጅ ረኣየት። ክልቲኦም ጋራጅ ከፊቶም ከም ዘየርሕቁ ስለ ትፈልጥ፡ ንዝረኸበቶ ኣጋጣሚ ክትጥቀመሉ ከም ዘለዋ ወሰነት። ትርእያ ዘላ ጸሓፊት መኪና(ታይፕራይተር) ከምቶም ኣብታ ደብዳቤ ዝለዉ ዝተሰብሩ ‘E’ ፊደላት ትሓትም ከይትኸውን ብምባል ክተረጋግጽ ናብ ውሽጢ ቤት-ጽሕፈት ጋራጅ ገጻ ሰጎመት። ….. *መን ከም ዝጽሕፈለይ ክፈልጥ ኣሎኒ!!*

ማዕጾ ቅድሚ ምኽፋታ ብውሳኔኣ ሰጋእ ድሕሪ ምባል፡ ደፊራ ናብ ውሽጢ እቲ ቤት-ጽሕፈት ኣተወት። ሙሉእ ሓሳባ ኣብ ልዕሊ ጠረጴዛ ቤት-ጽሕፈት ትርእያ ናብ ዘላ ጸሓፊት መኪና ጌይራ እንዳሰጎመት ከላ ድምጺ ሳም ሰምዐት።

“ከመይ ትውዕሊ ወይዘሮ ሬናዉድ …. እንታይ ክሕግዝ?” በላ ሳም ኣብ ኣፍ ደገ ማዕጾ ቤት-ጽሕፈቱ ኮይኑ።

ካንደል ብምሒር ስንባደ ከይተረድኣ ተጠውየት። “ወላሓደ …. ወላሓደ ክትሕግዘኒ ኣይደለኹን። እነሃለት መኪናይ ዓሺገያ ኣለኹ። ደሓን ሕደር” ኢላቶ ተቐላጢፉ ናብ መዓጾ’ቲ ቤት-ጽሕፈት ገጻ ሰጎመት።

ንጽባሒታ ንግሆ መኪናኣ ንኽትወስድ ናብቲ ጋራጅ ምስ ተመልሰት፡ ትማሊ ዝረኣየታ ጸሓፊት መኪና ኣብ ቦትኣ ኣይጸንሓታን። ኣብ ጠረጴዛ ቤት-ጽሕፈት ጋራጅ ኮንፒተር ከም ዘላ ኣስተብሃለት።

ሳም፡ ካንደል እንታይ ተስተብህል ከም ዘላ ትርእዮ ካብ ዘላ መኣዝን ገምገመ። “ጽቡቕ ሙሽ? .... ካብ ጸሓፊት መኪና ናብ ኮምፒተር ... ቀስ ብቀስ ዘመናዊ ጋራጅ ክገብሮ’የ”

ሓቅኻ፡ ሕጂ ገንዘብ ምስ ረኸብካ ደኣ ክትገብሮ ትኽእል ኢኻ ..... በለት ካንደል ብውሽጣ። ምሳሕ ኮይኑ ምስ ሰብኣያ ማርክ ምስ ተራኸበት ኣብቲ ጋራጅ ንዘጋጠማን ዝረኣየቶን ኣዕለለቶ። ማርክ ክሰምዓ ድሕሪ ምጽናሕ ርግእ ኢሉ ሓሰበ። “ንሱ ክኸውን ይኽእል እዩ ግን ንሕና’ውን ንሱ ብርግጽ ምኻኑ ዘረጋግጽ መርትዖ ከድልየና’ዩ”

** ** **

ሰኑይ ንግሆ ካንደል ናብ ቤት-ጽሕፈታ ምስ ኣተወት ሰክረታሪ ናዲን ንምምጻኣ ክትጽበ ጸንሐታ።

“ሕጂ’ኸ ይሕሸኪ’ዶ’ሎ ወይዘሮ ሬናዉድ?”

“እወ እመስገኖ”

“ስምዒ እባ!! ... ሓደ ነገር ንኽነግረኪ ብጣዕሚ’የ ተሃንጢየ ጸኒሐ። ትማሊ ዕለተ ልደተይ እዩ ነይሩ። ሰብኣየይ ንዝገዝኣለይ ህያብ ከርእየኪ እየ!!” ኢላታ እንዳጎየየት ክዳና ናብ ዘንጠልጠለትሉ ብምኻድ ብቆርበት ምጹጽላይ ንዝተሰርሐ ኣዝዩ ክቡር ጃኬታ ሒዛቶ ተመልሰት። “ሓቀይ ጽቡቕ’ዶ?”

ናዲን ብታሕጓስ ወድያቶ ክትነጥር ጀመረት።

** ** **